# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.131 | ቀዳም 31 ጥሪ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3 ኣገደስቲ እንደታት



ገጽ 4 ወግዒ ታሪኽ ፈንቅል - ቅያ ኣናብስ

ገጽ 5 እንታይ እንተ ተመገብና...



ገጽ 8 ቀይሕ



ገጽ 11 ዙር ኣልዑላ...




## ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ኣብ ውጥን ስራሕ 2026 ዘትዩ



ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቓድር



ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብ29ን 30ን ጥሪ ትግባረ መደብ 2025 ዝገምገም ርክብ ብምክያድ፡ ኣብ ውጥን ስራሕ 2026 ዘትዩ።

ኣቦ'ቲ ኣኼባ ሓለፍቲ ክፍልታትን ኣሃዱታትን ከምኡ'ውን ኣብያተ-ትምህርቲ ኤርትራ ኣብ ሱዳንን ቤት-ጽሕፈት ዩኔስኮ ኣብ ኤርትራን ንትግባረ መደብ 2025ን ውጥን ስራሕ 2026 ዝምልከት ዝርዝራዊ ጸብጻብ ኣቕሪቦም።

ብመሰረት'ቲ ጸብጻባት፡ ኣብ ምጥፋእ መሃይምነት ብደረጃ ሃገር 89 ሚእታዊት ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም ልዕሊ 35 ሽሕ ተመሃሮ ከምእተመዝገቡን 76 ሚእታዊት ትምህርቶም ብዓወት ከምዝዛዘሙን፣ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ካብ ዝተሳተፉ 70,349 ተመሃሮ እቶም 68.8 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ፣ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ሱ ኪኑት፡ ሕርሻን መዚቃን 42 ሚእታዊት ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም ልዕሊ 700 ሰልጠንቲ ብሰርትፍኬት ከምእተመረቑ፣ ከምኡ'ውን ስትራተጂያዊ ውጥን 5 ዓመት ከምእተዳለወ ተገሊጹ።

ዋሕዲ ናይ ሞያ ኣብያተ-ትምህርትን ዓቕሚ-ሰብን ብዓይነትን መጠንን፣ ከምኡ'ውን ሕጽረት መሳለጥያታት ካብ'ቶም ጉሉሓት ዝተራእዩ ብደሆታት ምዃኖም ክሕበር እንከሎ፡ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ክሰናዳእ፣ ካብ ህዝብን ተመሃሮን ዝእከብ ገንዘብ ግቡእ ቅጥዒ ክህልዎ፣ ናብ መንእሰያት ዝቐንዐ ትምህርቲ ባህሊ፡ ታሪኽን ቋንቋን ክሕየል፣ ብዘሎ ዓይነታት ትምህርቲ ስለዘሎ ዝጥርነፈሉ ኩነታት ክፍጠር ዝብል ለበዋታት ቀሪቡ።

ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ኣብ ዘስመዓቶ መዛዘሚ ቃል፡ እቲ ገምጋም ብወህደትን ምምልኣእን ንምስራሕ ዝድርኽን ብደሆታት ብውሸጣዊ ዓቕሚ ክፍትሑ ከምዝኽእሉ ዘጽርን ምዃኑ ገሊጻ።

ሚኒስተር ሓሊማ ብዘውሰኸቶ፡ ጽላት ትምህርቲ ካብ ቀዳምነታት ልምዓታዊ መደባት መንግስቲ ኤርትራ ብምዃኑ፡ ንትግባረ መደብ ዝሕግዝ ቅርጺን ዓቕሚ-ሰብን'ኳ እንተሎ ምትዕርራይ ከምዝድልዮ ብምጥቃስ፡ ብሞያኡ ዝኸውን መምህር ንምቕራጽ፡ ምስ ኣካላት መንግስትን መሻርኽትን ዝምድናታት ምድልዳል፣ ናይ ስራሕ ወኒ ምብርባር፣ ከምኡ'ውን ሱ ምግባር ስራሕ ምኽባርን ምጕላዕን ጸገማትን ክስራሓሉ ተላቢያ።

## ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ፡ ብዝተፈላለየ ሞያታት ኣባላቱ ኣሰልጢኑ

ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ፡ ብዓውድታት ጾገና ተሸከርካርትን ምሕደራ መቀያየሪ ኣቕሑትን ካብ 3 ኣዋርሕ ክሳብ ሓደ ዓመት ዝሰልጠናም 93 ኣባላቱ፡ ብ29 ጥሪ ኣመረቑ።

እዚ ብኽልሰ-ሓሳብን ግብራን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ምስ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ተሸከርካርቲ ንምግዓዝ፡ ከምኡ'ውን መተካእታ ክኢላታት ንምፍራይ ዝዓለመ ከምዝኾነ ዝሓበረ ሓላፊ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኢንጂነር ናህም ሚልዮን፡ ስልጠትን ኣሰልጠንትን ዝርኣይዎ ተገዳስነትን ዕቱብነትን መጒሱ።

ኣቦ'ቲ ኢጋጥሚ፡ እቲ ትካል ካብ ዝምስረት ዘፍረዶ ስልጡናትን ኣብ ኣሰራርሓ ዝዘምጽእ ለውጢ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሞያዊ ብቕዓት ናይ ሰልጠንቲ ንዝገበሮ ኣበርክቶ ዘንጸባርቕ፡ ብተንቀሳቓሲ ስእሊ ዝተሰነየ መግለጺ ቀሪቡ።

ኣካያዲ ስራሕ ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ ኣቶ ግርማይ ኣብርሃ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተልእኾ ናይ'ቲ ትካል ኣባላት ፍልጠቶምን ብቕዓቶምን ኣበርኺም ምስ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ተሳንዮም ክጎዓዙ፣ ከምኡ'ውን ኑቲ ፍልጠት ናብ ሕብረተሰብ ንምትሕልላፍ ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ኣብ መጻኢ'ውን ከምዝድፋኣሉ ገሊጹ።

ተመረቕቲ ብወገኖም፡ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ መዓልታዊ ስርሖም ዓቢ ሓገዝ ከምዝለዎ ብምግላጽ፣ ስለ'ቲ ዝተራሕወሎም ዕድል ምስጋና ኣቕሪቦም።

ካብ ዝምስረት 28 ዓመታት ኣቚጺሩ ዘሎ ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ፡ ዛጊት ኣብ ውሽጢ ትካልን ካብ ትካል ወጻእን 2,619 ሰባት ከምዘሰልጠነ ሰነዳቱ የረጋግጹ።



ስኣላይ የውሃንስ መብርሃቱ

## ባጽዕ - ቅነ መንእሰያት፡ ረዚን ሓላፍነት ዘሰክም መደብ ከምዝኾነ ተገሊጹ

ቅነ መንእሰያት፡ ክንጽ ጸጋታት ሃገር ምልላይን ምዕቃብን፡ ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ረዚን ሓላፍነት ዘሰክም ከምዝኾነ፡ ተሳተፍቲ ቅነ መንእሰያት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ገሊጾም።

ንሳቶም ንኤርና ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ብመልክዕ ውድድር ዝቐረበ ዘሎ ንጥፈታት፡ ኣብ መንእሰያት ባህሊን ሃገራዊ ክብሪታትን ኣብ ምስራጽ ዘለዎ ተራ ቀሊል ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ብትሕዝቶን ተሳታፍነትን እናማዕበለ ክመጽእ ኣዘኻኺሮም።

ኣቦ'ቲ ኢጋጥሚ - ኣብ መደብ ዋርሳ ዝቐረበ 'ተዘክሮ ሳሊና 77'፣ ከምኡ ድማ ኣብ ረቂቕ ባህላዊ ወርሻ ዘተኮረ ሰሚናራት፡ ኣብ ታሪኽ ሃገርም ብሓፈሻ ኣብ ውዕሎ ሳሊና ድማ ብፍላይ ንዘለዎም መረዳእታ ከምዘስፈሐ ሓቢሮም።

ቅነ መንእሰያት - ብመንእሰያትን ኣብ መንእሰያት ዘተኮረን ብምዃኑ፡ መንእሰያት ናይ መሪሕነት ዓቕሞም ክፍትሹን ክዕበዩን ዝደፍእ ከምዝኾነ ዝጠቐሱ'ቶም ወሃብቲ ርእይቶ፡ ከምዚ ዓይነት መደብ ክሳብ ደረጃ ዓዲ ወሪዱ ክስራሓሉ ተማሕጺኖም።

ከም ኣካል ናይ'ቲ ቅነ፡ ዑደት ናብ ታሪኻዊ ቦታታትን ቤተ-መዘክር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ከምእተኻየደ፡ ወኪል ኤርና ኣፍሊጡ።

"ባሕርና መጻኢና" ብዝብል ቴማ ብ28 ጥሪ ዝተኸፍተ ቅነ መንእሰያት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ቀዳም 31 ጥሪ ክዛዘም'ዩ።

**ዜና**

# ጋላ ነፋሒ - ብቕዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ዓውደ-ዘተ ተወዲቡ

ጨንፈር ትምህርቲ ን/ዞባ ጋላ-ነፋሒ፡ "ብቑዕ ህጻን ንብሩህ መጻኢ" ብዝብል ቴማ፡ እሩም ስሩምጥር ንምፍሳኻሰን ብቕዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽን ዝዓለመ ዓውደ-ዘተ፡ ብ27 ጥሪ ወዲቡ።

ኣቦ'ቲ ርእሰ-መምህራን፡ ሓለፍቲ ስሩ-ምምህርና፡ ኮሚቴ ወለዲ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢን ናይ ስራሕ መሻርኽትን ዝተረኸብሉ ኣጋጣሚ፡ ሓላፊ ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዳንኤል ስለሙን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዓውደ-ዘተ ካብ ተሳተፍቲ ዝፍልፍል ብሉጽ ሓሳባት ብምጥርናፍ፡ ዘሰርሕን ዘሰርሕን ሃዋህው ንምፍጣር ከምዝኸኣለ ገሊጹ።

መምህር ዳንኤል ወሲኹ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ - ታሪኽም፡ ባህልምን ክብርታት ሕብረተሰብምን ዝፈልጡን ዘኽብሩን ወለዶታት ብምፍራይ፡ ብቕዓት ትምህርትን ተመሃሮን ክብ ንምባል ክሰርሑ ተማሒጸኖም።

ተጋባኢቲ፡ ኣብ ኣገዳስነት ንጥፈታት ሓጋዚ ትምህርቲ፡ ተርእዮታት ምትራፍን ምቁራጽን፡ከምኡ'ውን ካልእ ኣርእስትታት ሰፊሕ ክትዕ ብምኽያድ፡ ዝርአ ጸገማት ብዝበለ ዝፍታሓሉ መንገድታት ሓሳባት ኣፍሲሶም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፋሒ ኣቶ መሓሪ የውሃንስ ብወገኑ፡ ዝርግሐ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ጠቒሱ፡ ተሳታፍነትን ብቕዓትን ናብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ንምብጻሕ፡ ብወሃደት ክሰርሕ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር፡ ብቕዓት ተመሃሮ ኣብ ዝሓዝዎ ማሰረት ስለዝምርኮስ፡ ቁልዑ ኣብ ግዜኦም ዕድመኦም ኣገልግሎት መዋእለ-ህጻናት ዝረኽብሉ ባይታ ንምጥጣሕ፡ ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢን መሻርኽትን ከዕዝዝ ተላቢዩ።



ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

# ሓልሓል - ኣፍልጦ ሕጊ ዘዕቢ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡሳ ዞባ ሓልሓል - ምምሕዳራት ከባቢ ሓልሓል፡ ፈንሸበቱ፡ ማይ-ኣዋልድን ገበይ-ኣለቡን፡ ኣፍልጦ ሕጊ ንምስራጽ ዝዓለመ ኣስተምህሮ፡ ብ25 ጥሪ ተዋሂቡ።

ኣዚዚ መደብር ፖሊስ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ - ምኽትል ተለንተ ገብረትንሳኤ ብርሃ፡ ተራ ህዝቢ ኣብ ምኽባር ሕጊ መሰረታዊ ስለዝኾነ፡ ምስ ኣኽባርቲ ሕግን ጸጥታን ዝገብሮ ምትሕብባር ንምዕዛዝ ዝዓለመ ኣስተምህሮ ከምዝኾነ ገሊጹ።

በደላትን ገበናትን ብኣጋ ንምክልኻል፡ ምስ ተፈጸመ ድማ ገበነኛታት ኣብ ሕጊ ንምቕራብ፡ ፖሊስ ብምሉእ ዓቕሙ ዝሰርሓሉ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኣብ መንነ ወልቀሰባት ዝፍጠር ዘይምርድዳእ ብሰርቂ ኣብ ምፍታሕ፡ ኮማዊ ፖሊስ ንዝገብሮ ዘሎ ኣስተዋጽኦ መጒሱ።



ሓላፊ ምክልኻል ገበን ኣቶ ፍጹም ወልደገብርኤል ብወገኑ፡ ዓይነን እዝዘን ፖሊስ ህዝቢ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ብዘይ ንቑሕ ተሳትፎ ኮም ሰላምን ጸጥታን ሕብረተሰብ ክሕሎ ስለዘይክእል፡ ከም ወትሩ ምትሕብባሩ ክዕቢ ተላብዩ።

ተሳተፍቲ፡ ብወገኖም፡ ኣብ ሕግን ስርዓትን ዝተመርኮሰ ኣስተምህሮታት ኣገዳስነቱ ጉሉሕ ስለዝኾነ፡ ቀጻልነት ክህልዎ ተላብዮም።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም   ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ   ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ማእከል - ኣባላት ማሕበር ወነንቲ ታክሲ ደም ለጊሶም

ኣባላት ማሕበር ወነንቲ ታክሲ ዞባ ማእከል፡ ብ27 ጥሪ ንመበል 14 ግዜኦም ብጥርኑፍ ብዘወሰድዎ ተበግሶ፡ 60 ከረጺት ደም ለጊሶም።

ልግሲ ደም ዓመታዊ ዘካይድዎ ምኳኑ ዝሓበረ ዋና ጸሓፊ ማሕበር ኣቶ ኢትባረኽ ሃይሉ፡ ደም ምልጋስ ጻውዒት ዘየድልዮ ሰናይ ተግባር ብምዃኑ፡ ኣባላት ማሕበር ብርድኢት ከምዝሳተፍዎ ኣብሪሁ።

ኣብ ሃገራዊ ባንኪ ደም ኣወሃሃዲ መደብ ልግሲ ደም ነርስ ዑቕባይ የውሃንስን ኣብ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ሓላፊ ውዳበን ልግስን ኣቶ ዮናስ ተስፋሚካኤልን ብወገኖም፡ ብውልቂ ይኹን ብጥርኑፍ ዝልግሱ ወገናትን ማሕበራትን ኣብ ድሕነት ዜጋታት ዓቢ ኣበርክቶ ይገብሩ ከምዝለዉ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ኣብ እዋን ዕረፍቶም ደም ኣብ ምልጋስ ክሳተፉ ተላብዮም።



ስእሊ. የውሃንስ መብራህቱ

ለገስቲ ብወገኖም፡ ደም ምልጋስ ኣብ ጥዕናኦም ዘኸትሎ ጉድኣት ከምዘየለ፣ ብኣንጻሩ ኩነታት ጥዕናኦም ክፈልጡ ከምዝሕግዞም ብምጥቃስ፡ ኣብ እዋን ሓደጋን ሕርሽን ዝፈስስ ደም ብምትካእ ሂወት ዜጋታት ንምድሓን ብቑጻሊ ክልግሱ ድሉዋት ምህላዎም ገሊጾም።

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኣገደስቲ እንዶታት 8
## ንዕዉት ጉዕዞ ትምህርቲ

*ተመሃሮ ዕዉታት ክኾኑ ዘዘውትሩዎ ልምድታት ኣሎዎም። ነዚ ልምድታት ብምጥቃም፡ ካልኦት ተመሃሮ ክዕወቱ ይኽእሉ እዮም። ኣብዚ ብተኸታተሊ ዝቐርብ፡ ካብ ልምድታት ዕዉታት ተመሃሮ ተመርኲሱ ዝተኣከበ እንዶታት፡ ብዙሕ ክትጥቀሙ ተስፋና እዩ። ኣብ ናይ ሎሚ ክፋል፡ ተመሃሮ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ክገብሩዎ ዝግብኦም ሓደ ሓደ ነጥብታትዘለዕል ጽሑፍ ክኸውን እዩ፣ ኣብ ዝመጽእ ናትኩም ተመኩሮ ክትልእኩልና ክንጸበ ኢና።*

ተመሃሮ ኣብዚ ግዜ፡ ኣብ ናይ ሰሚስተር ዕረፍቲ'ዮም ዝርከቡ። ብዙሕ ግዜ ስለ ዝህሉዎም፡ ድላዮም ብናጽነት ክገብሩ ዕድል ይረኽቡ። ተመሃሮ እዚ ናይ ዕረፍቲ እዋን ብምኻኑ፡ ግዜኦም እናናተዛነዩ ክሕልፉዎ ጽቡቕ እዩ። ዕረፍትን ምዝንጋዕን ብመደብን እንታይ ትገብር ኣለኻ እናፈለጥካን ዝግበር እንተ ኰይኑ ድማ ኣርባሒ ይኸውን። ዝበዝሐ እዋን ግዜኦም ብግቡእ ክጥቀሙ ዝደልዩ ተመሃሮ ነዚ ዝስዕብ ንጥፈታት ክገብሩ ይርአዩ፤

- ኣብ ግዜ ትምህርቲ ከማዕብሉዎ ዘይክኣሉ ሞያ የማዕብሉ፣

- ሞያዊ ትምህርቲ ይወስዱ፣

- ኣብ ግዜ ትምህርቲ ከማዕብሉዎ ዘይከኣሉ ተወህቦኦም ይሰርሕሉ፣

- ንደረት ኣተሓሳሰባኦም ዘግፍሕ ሓደስቲ ንጥፈታት የካይዱ፣

- ዑደት ብምግባር ሓድሽ ነገር ይመሃሩ፣

- ዝተፈላለየ መጽሓፍቲ የንብቡ፣

- በጺሖም ዘይፈልጡ ቤት ንባብ ይበጽሑ፣

- ነቲ ጽባሕ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ክምሃሩዎ ዝደልዩ ዓውዲ ዘላሊ ጽሑፋት ይምእርሩ፣

- ንሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ዝኸውን ምድላት ይገብሩ፣

- ኣብ ዝሓለፈ ሰሚስተር ኩነ ዓመት ትምህርቲ ንዘይተረድኦም ኣርእስታት ተመሊሶም ይርድኡዎ ወይ ይምሃሩዎ፣

- ነቲ ዝስዕብ ሰሚስተር ዝሕግዞም መጽናዕትታት የካይዱ፣ ወዘተ።

እዚ ገለ ካብቲ ኣብ እዋን ዕረፍቶም ገለ ተመሃሮ ዝገብሩዎን ክገብሩዎ ትጽቢት ዝግበረሎምን እዩ። ድሕሪ ምዝዛም ሓደ ሰሚስተር፡ ካልእ ሰሚስተር ተዳልዩ ይጽበ ኣሎ። ነዚ ዝኸውን ስነ ኣእምሮኣዊ ምድላዋት ምግባር ኣገዳሲ ይኸውን። ተመሃሮ ነዚ ድሕሪ ገለ መዓልታት ዝጅምር ትምህርቲ እምበኣር፡ ብኸሙሉ እንተናኦም ተዳልዮምሉ ክጸንሑ የድልዮም። ነዚ ንሓፈሻዊ ጉዕዞ ትምህርትን ተመሃራይ ይሕግዝ'ዩ ዝበልናዮ፡ ካብ መርበብ ኢንተርነት ዝረኸብናዮ እንዶታት እንሆ፤



### 1. ሸቶኻ ጸሓፎ

ካብ ኣብ ሓሳብና እንሕዞ መደባት ንላዕሊ፡ እቲ ኣብ ጽሑፍ እንሕዞ መደባት ናብ ተግባር ናይ ምቕያሩ ዝዓበየ ተኽእሎ ኣሎዎ። ብሓሳብና ብዙሕ ክንገብር ንደሊ፣ ብልሳንና'ውን ብዙሕ ክንሰርሕ ከም እንደሊ ንዛረብ ኢና። እቲ ክንገብሮ እንኽእል ኣብ ጽሑፍ እንተ ኣስፈርናዮ፡ ከነተግብሮ ኣይከብደናን እዩ። እቲ ክንበጽሖ እንደልዮ ሸቶ፡ ኣብ ኣጀንዳና ንጽሓፎ። ንሓሳባትና፡ ራኢናን መደባትናን እንሕዘሉ መዝገብ ኣብ ዝሓንጸጽናዮ መስመር ክንከይድ ክሕግዘና እዩ። ቅድሚ እዚ ምግባርና ግን ድልየታትና ንፍለጦም፣ እቲ እንሰርዖ ሸቶ ኣብ ድልየታትና ስለ ዝምርኮስ። እቲ ንደልዮ ምስ ፈለጥና ሸቶና ንስራዕ። ሸቶና ክጭበጥ ዝኽእል ክኸውን ይምረጽ። እቲ እንጽሕፎ ኣብ ቀረባ ኩሉ ሳዕ ክንርእዮ ኣብ ንኽእል ቦታ ይኹን። ኣብ ትርኣስና፡ ኣርማድዮና፡ ኮፍ መበሊና፡ ገበር ጥራውዝቲናን ካልእን ከነቐምጦ ንኽእል።

### 2. ናይ ግዜ መቓን ኣዳሉ

ኣብ ፊዚክስ ሰለስተ ሕጊታት ኒውቶን ንመሃር ኢና። እቲ ሳልሳይ ሕጊ፡ ንዝኾነ “ኣክሽን” ማዕረኡን ተጻራሪን ግብረ-መልሲ ከም ዘለዎ ተማሂርና ንኸውን። ኣብ ኣእምሮና'ውን እቲ ክንገብሮ እንደሊ ስራሕ፡ ንኽይንገብሮ ዝገብር ማዕረኡ ዝጻረር (ከም ትህኪት፡ ተስፋ ምቑራጽ፡ ወ.ዘ.ተ.) ይለዓል እዩ። ኣብታ ንሸቶና ንስእላ መገዲ ድማ ብዙሕ ጓል-መገዲ ይፈጥረልና። ናይ ግዜ መቓን (Time frame) ምድላው ነዚ ጓል-መገዲ ይዓብሰልና እዩ። ብተወሳኺ ኣብ መገዲ ሸቶና ረጊጽና ክንከይድ፡ ጉዕዞና ክንግምግምን ንዝረኣየና ድኽመት ብእዋኑ ክንኣልን ንኽእል።

### 3. ንኽትብገስ ዘለው መሰናኽላት ድልው ምኳን

ኣብ ቤት ትምህርትኻ ኲዕሶ ክትጻወት ትደሊ ትኸውን። ከመይ ኢልካ ከም እትሕወሶም ትሓስብን ትሸገርን ትኸውን። ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ልምምድ መዓልታት ብምጽናዕ፡ ናብቲ ሜዳ ኬድካ ነቶም ተጻወትቲ ብዝሓም ቊጸሮም። ካልኣይ መዓልቲ ተመሊስካ ቊጸሮም፣ ብ25 ሚእታዊት ቊጽሮም ጉዲሉ ክጸንሓካ እዩ። ኣብ ዝቐጸለ መዓልቲ ከኣ ብፍርቂ ክጉድል እዩ። ነቶም ኣቐዲምና እንሓስቦም ጸገማት ብጥቕላሎም ኣይንፍርሓዮም። ሓንቲ ስጉምቲ ዝሸድናላ፡ ሓንቲ መሰናኽል ከተሰግረና እያ።

### 4. ዘተባብዑኻ ሰብ ኣለሊ

ሸቶና ንምውቃዕ ዘተባብዓናን ተስፋ ዘቑረጸናን ሰብ ነለሊ። እቶም ዘተባብዑና እናሸድና ንብጽሓዮም (ንርከቦም)። ሸቶና ንብጻሕ ምትብባዕ ከድልየና እዩ። ቅድሚ ኩሉ ንገዛእ ነብስና ነተባብዓያ። ኩሉ ግዜ ምስ ዘተባብዑና ምዕላል ኣብ ሸቶና ጸኒዕና ክንከይድ ክሕግዘና እዩ።

### 5. መደብ ስራዕ

ኣብ ዝኾነ ጉዕዞ ህይወት መደብ ሰሪዕካ ምኻድ ቀዳማይ ምርጫ'ዩ። እቲ እነውጽኦ መደብ ክሳብ መወዳእታ ከብጽሓና ኣይንጸበ። መጀመሪ ዝኾነና መደብ ነውጽእ። እዚ እቲ ዝነኣሰ ናብቲ እንደልዮ መገዲ ዘትሕዘና ጥራይ'ዩ። ኣብቲ መስርሕ ምስ ተጸመድና፡ ምስ ኣካይዳናን ሸቶናን ዝሰማምዑ መደብ ንስራዕ። መደብና ከምቲ እንደልዮ ዘየስርሓና እንተኾይኑ፡ ቀልጢፍና ነመዓርርዮ።

### 6. ገምጋም ግበር

ሰብ ኣብ ጉዕዞኡ ዝተፈላለየ ድልየታት የጥሪ እዩ። እቲ ሒዝናዮ ዝጸናሕና ሸቶ ክንእሰና ይኽእል እዩ። መጠን ዝዓበናዮን ዓቕምናን ሸቶና ክንቅይር ንኽእል ኢና። ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ካብቶም ንሸቶና እንወቕዓሎም መሳርሒታት ክንደይ መሊኽና ንመምዮ።

### 7. ንነብስኻ ኣተባብዓያ

ኣብ ዝኾነ እንሰርሖ ጽቡቕ ነገር ንነብስና ሞሳኣ ንሃባ። ሸቶና ሚእቲ ካብ ሚእቲ ክዕወት ኣይንጸበ። ኣብ ዝዘበጻሕናዮ ደረጃ ንነብስና ነተባብዓያ።

ተወሳኺ መዘኻኸሪ፡

- እንተወሓደ ነዘን ዝተጠቕሳ ሸውዓተ ነጥቢታት ሰዓበን

- ንኻልኦት መማህርትኻ ሸቶኦም ክለልዩ ሓግዞም

- ንኻልኦት መማህርትኻ ሸቶኦም ዝወቕዕሉ መገዲ ከተማኽሮም ፈትን

- ብዛዕባ ሸቶን ብኸመይ ክትወቕዖም ትኽእልን ሓንቲ ዓንቀጽ ጸሓፍ።

## ኣስትሮይድ ንመሬት እንተ ሃሪሙዋ

ዝኾነ ካብ ሰማይ መጺኡ ንመሬት ዝሃርም ኣስትሮይድ ዘይተኣደነ ዓቕሚ ጸዓት ኣሎዎ። ሓደ ግብራዊ ኣብነት ንርአ፣ ፈላጣት ስነ ፈለክ፡ ‘1997XF11’ ዝሰመዩዎ ኣስትሮይድ ኣብ ዙርያ ጸሓይ ክዘውር ይነብር ኣሎ። ‘1997XF11’ ኣስትሮይድ ብ2028 ናብ መሬት ገጹ ኣዝዩ ክጽጋዕ እዩ። እንተ'ኹኑ ንስክላ ስሒቱዋ ክሓልፍ ምኻኑ ይግለጽ። ኣብዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ክልተ ዓመታት ዝኾነ ለውጢ እንተ ኣጋጢሙ፡ መሬት በዚ ኣስትሮይድ ክትህረም ተኽእሎ ኣሎ። ዕድመ እንተ ሂቡና ዝበዛሕና ነዛ ጽሕፍቲ ነንብብ ዘለና እንታይ ከም ዝኸውን ብኣካል ክንርእዮ ኢና።

ፈላጣት ዘቕርቡዎ መብርሂ ግን ከምዚ እዩ። ኣስትሮይድ ‘1997XF11’፡ ብ30 ኪሎ ሜትሮ ኣብ ሰዓት ፍጥነት ሒዙ'ዩ ክመጽእ። ክንድኡ ምዕባዩ ኣስትሮይድ፡ ብክንድ'ዚ ዝኣክል ፍጥነት፡ ምስ 1 ሚልዮን ሜጋቶን ዝርዝነቱ ቦምባ ዝወዳደር ጽልዋ ኣሎዎ። 1 ሚልዮን ሜጋ ቶን ዝርዝነቱ ቦምባ ተፈንጂሩ ክፈጥሮ ዝኽእል ዕንወት፡ ምስቲ እዚ ኣስትሮይድ ንመሬት ሃሪሙ ዝፈጥሮ ዕንወት ብቐሊሉ ክዛመድ ይኽእል። እዚ ማለት ከኣ ኣብዛ መሬት ዝጸንሕ ህይወታዊ ዳርጋ ኣይክህሉን እዩ።

ሓደ ሚልዮን ሜጋ ቶን ቦምባ ክንዲ ምንታይ ምኳኑ ክንስእሎ ጨኒቑና ይኸውን እዩ። 1 ሜጋ ማለት፡ 100,0000 ቶን ማለት'ዩ። ሓደ ቶን ከኣ 10 ኲንታል እዩ፣ ኲንታል ከኣ 100 ኪሎ ግራም'ዩ። ስለዚ፡ ሓደ ሜጋ ቶን ማለት 1,000,000,000 ኪሎ (ሓደ ሚልዮን ቶን) ማለት'ዩ። ሓደ ሚልዮን ቶን፡ ብሚልዮን ምስ ኣርባሕካዮ 1,000,000,000,000 ቶን እዩ። እቲ ዘምጽኦ ዕንወት ክንርድኦ'ውን ክብድ ስለ ዝብል ብዝቐለለ ኣብነት ከነዋዳድሮ ክንፍትን። ክንዲ ሓደ ተራ ገዛ ዝኸውን፡ ናይ 4 ሜትሮ ግፍሒ ዘሎዎ፡ ብ30 ኪሎሜትሮ/ሰዓት ፍጥነት ዝጓዓዝ ኣስትሮይድ፡ ዳርጋ ክንዲ ኣብ ሂሮሺማ ዝተደብደበ ቦምባ (20 ኪሎቶን=20,000 ቶን) ጸዓት ኣሎዎ። ንሓንቲ ዓባይ እትብሃል ከተማ ፍጹም ከዕንዋ ኣይጽገምን እዩ። ሎሚ ዝለዓለ ጸዓት ዘሎዎ ቦምብ 25-50 ሜጋ ቶን (ካብ 25-50 ሚልዮን ቶን) እዩ። እዚ ንኹለን ከተማታት ኣሜሪካ ከዕኑወን ዝኽእል እዩ።

እዚ ናይ 1.5 ኪሎሜትሮ ግፍሒ ዘሎዎ ‘1997XF11’ ኣስትሮይድ፡ ክሳብ 1 ሚልዮን ሜጋ ቶን ጸዓት ኣሎዎ። ካብቲ ኣብ ሂሮሺማ ዝተደብደበ ቦምባ ብ10 ሚልዮን ዕጽፊ ይዓቢ። ተመራመርቲ ከም ዝገልጹዎ፡ እዚ ኣስትሮይድ ኣብ ኒውዮርክ ማእከል እንተ ሃሪሙ፡ ካብ ዋሺንግቶን ክሳብ ቦስቶን ዘሎ ኩሉ ነገር ከልምጾ ይኽእል። ካብዚ ጉንጺ ዝፍጠር ደሮና፡ ስብርባር ኣኻውሕ... ንጠፈር መሊኡ ብርሃን ጸሓይ ክኽልክል ንመሬት ከይበጽሓ ክኽልክል እዩ። ዳርጋ ኩሉ ህይወታዊ ከኣ ኣብዛ ፕላኔት ክሓቅቕ ይኽእል።

“እዚ ኣስትሮይድ ኣብ ውቅያኖሳት እንተ ወዲቑ ዝፍጠር ደሮና የለን'ሞ ምደሓና ዶኹን?” ዝብል ሕቶ መጺኡኩም ክኸውን ተስፋ ንገብር። ኣስትሮይድ ‘1997XF11’ ኣብ ውቅያኖስ እንተ ወዲቑ፡ ኣዝዮም ዓበይቲ ማዕበላት፡ ክሳብ 270 ዝበጽሕ ቊመት ዘሎዎም፡ ክፈጥር ይኽእል። ንኹሉ ኣብ ገማግም ዝርከብ ኩሉ ነገር ከዕኑዎ ይኽእል። በቲ ኰይኑ በቲ እዚ ኣስትሮይድ ንመሬት እንተ ሃሪሙዋ ጥፍኣት እዩ። ካብዚ ጥፍኣት ይሰውረና ደኣ ንበል!

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“ስሕበት፡ ኣብ ፍቕሪ ናይ ዝውድቁ ሰባት ተሓታቲ ኣይኮነን።”

- Albert Eintein

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ወግዒ ታሪኽ

## ፈንቅል - ቅያ ኣናብስ

(መበል 12 ክፋል)

ግርማይ ወልደገዮርጊስ (መንከኒኖ)

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ኣዛዚ 6ይ ክፍለ ጦር ብረጋደር ጀነራል ተኸመ ተሰማ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ዝኾኑ ተረፍ መረፍ ወተሃደራት ሒዙ፡ ናይ ቀላማ ደጋማ "ስራዊት ሪስ ገዘ" ተባሂሉ ዝጽውዑ፡ ተዓሲቦም ዝዓጠቑ ምልሻታት ገዲፉ፡ ከምኡ'ውን ዝተደናገሩን ዝተገደዱን ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ተቐሚጦ ባጽዕ ጠራኒፉ፡ ናብ ውሽጢ ባጽዕ ከምዝኣተወ ገሊጽና ነይርና።

እዚ ተረፍ መረፍ ሰራዊት ጸላኢ ኣብ ውሽጢ ባጽዕን ጥዋለትን ብዝሰፍሑ ምቑራጽ ናይ መውጽኢታ መከላኸሊ ዕርድታት ክሕዝ እንከሎ፡ እተን ማሰሉወን ምስ ወተሃደራት ደርግ ዝኣተዋ ስድራቤታት፡ ካብቲ ሰራዊት ፍንትት ኢለን ኣብ ጎፍ ዝበለን ግዝውቲ መምስ ዝጥዕመን ተደራረባ። ቀዳማይን ካልኣይን መዓልቲ በቲ ሐዘናኦ ዝኹዳ ድሉው መግብታት ሓለፈኦ። እንተኾነ ዘይከም ትጽቢተን መዓልታት ክውሕ ጀመረ። ንደቀን ዝብረን ሓፋጭ ለዋሰን ኣብ መቑሎ ቅጫ ሌጣ ሰንኪተን በርበረ ደፍዲፈን ክህባኦም ጀመራ። ናይ ዝብላዕ ዝኾነ ምኾኑ እንተኾነ ምስቲ ጻዕቂ ሰብ ዝፈጠሮ መቐት፡ ጽሩይ ዝስተ ማይ ንጋዳ ኮነ። እቶም "የለን" ዘይፈልጡ ቆልዑ ድማ ንወለዶም ከሸግሩዎም ጀመሩ።

ኣብ ካልእ ቦታታት ኬድካ ናይ ማይ ምድላይ ስርሒት ከይሳየድ ብኩሉ ወገን ብረት ዘወጣውጡ ወተሃደራት በዚሖም። ኣደይ መጻ ድማ ከም ሰበን ዝኑብረኦ ምስ ጠፍኦ፡ ማይ ባሕሪ ብሽኮር በጽበጽን ጎረሮ ቆልዑ ከተርክሳ ፈተና። እንተኾነ ካብ ፈተነ ንላዕሊ ፍታሕ ክኾውን ኣይከኣለን።

እቲ ኣዚ ህዝቢ'ዚ ሓዘ ንጥዋለት ዝኣተወ ጀነራል ድማ፡ ብዮማ ጹጋም ናይ ስጋለት ቀጣን ኣብቲ ብእንዳ በረድ ዝፍለጥ ቦታ፡ ስርናይን ጨውን ዝመልኦ ከሻሹ ደርዲሩ፡ ረሻሻትን ቢተናትን ፈኪሱ ብረታትን ብጻዕቂ ኣሰሊፉ፡ እታ ክልተ ኪሎሜተር ዘይትበጽሕ ብክልተ ባሕርታት ዝማእከለት ከም ዝሓልቀመ ክሳድ "ስጋለት ቀጣን" እትብሃል፡ ኣይተሃገ'ዶ ሰራዊት ጸጸውን ዘይሓልፋ ዓውዲ ምርሻን ክገብራ ተዳለው። ስለዚ ኣብ ናይ ሳልስቲ ግጥም ዝዓለየ ክፋል ሰራዊት ጸላኢ ደማሰሱ፡ ንዘጠዘሐ ክፋል ባጽዕ ሓራ ዝገበረ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ዘይተወድአ ዕማም ኣብ ቅድሚኡ ተጉቲሩ ነበረ። ናይዚ መውጽኢታ'ኸ እንታይ'ዩ ክኸውን?

ድሕሪ ኩናት፡ ተጋደልቲ ብፍላይ ንባጽዕ ዝፈልጡዋ ደቂ ባጽዑ ዘወር ምባል ኣብ ዝጀመሩሉ፡ እቲ ፈለማ ዘደንጽዎምን ኣቓልቦኦም ዝሱሓበን ጉዳይ፡ ብዙሓ ናይ ወጹእተኛታት ማለት ዜጋታት ኢትዮጵያ ከምኡ'ውን ቋንቋኦም፡ ንህላውነት ባህልን ቋንቋን ኤርትራዊ ዓብለሉ ምጽንሖም'ዩ። እቶም ቀደም ዝፈልጥዎም ደቂ ባጽዕ መብዛሕትኦም ናብ ስደት ኣምሪሖም፡ ኣባይቶምን ትካላቶምን ድማ፡ ቡቶም ጸደፍደፍ ዝበሉ፡ ካብቶ ዓድታቶም ናብ ባጽዕ ዝወረዱ ኢትዮጵያውያን ተተኪኦ ጸኒሖም።

ወገኑቲ ደኳናት፡ ዓበይቲ ትካላት ንግዲ፡ መንግስታዊ ትካላት ፋብሪካታት፡ ንኣቶም እቶም ኢትዮጵያውያን ነበሩ። ገበርትን ሓደግትን ተሓለቕቲ ስርዓት ደርግ ንኣቶም ብምዃኖም፡ ኤርትራውያን ብብዙሕ ዓደምን መሬቶምን ቋንቋኦምን ካልኣይ ዜጋ እዮም ተቖጺሮም። ልዕሊ ኩሉ ዜጋታት ኤርትራ ብረዛሕም ዘጥረየዎ ኣባይቲ "ተሃገሩ" ተባሂሉ፡ ንናይቲ ስርዓት መጋበርያ ዝነበሩ ወደጦታት ብፍላይ ድማ ንኢትዮጵያውያን እዩ ተዋሂቡ። እቶም ደቀባት ድማ ኣብ ዘጐላብጦ ገዛ ተጻፍጺፎም ክነብሩ ተፈረዱ።

ናይ ዝበልዕን ዝሰተን ጸገማት ተደሚሩዎ፡ ኤርትራዊ ሕሰም ናብራ ክመርሕ ምጽንሖም ንብሱን ገዘኡን ይምስክረሉ ነበረ። መጥባሕቲ ዘድልዮ ኤርትራዊ ሕሙም፡ መጽረዪ ኣድ ናይቶም ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ዝመሃሩ ዝነበሩ ኢትዮጵያውያንን ሩሲያውያንን ሓካይም ኮነ። እታ መጋበርያ ፕሮፖጋንዳ ስርዓት ደርግ ዝኾነት "ሰርቶ ኣደር" እትብሃል ጋዜጣ፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብግዲ ክገዝኡዋ ስለዝነበርም ዋጋኡ ካብ ደሞዞም ይቑረጽ ነበረ።

ንውጉኣት ሰራዊት ኢትዮጵያ ተባሂሉ'ውን ኣብ ኤርትራዊ ናብ ትካላት ሕክምና ብምኻድ ኑቶም ኣንጻር ኣሕዋቱ (ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር) ዝዋግኡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ደም ብግዲ ክህብ ይግደድ ነበረ።

ልዕሊ ኩሉ መንእሰያት ሃገራዊ ሓላፍነት ተሰሚዕዎም ውራይ ሰውራ ንኸይጉብሩን ካብ ገድላዊ ሓበሬታ ንምርሓቖምን፡ ኮነ ኢልካ ኣብዮተ ምንዝርናን መስተን ከም ዝጨሚሓ ተጉበረ። ንኣብነት ኣብ ባጽዕ ጥራይ 102 ባራት፡ 12 እንዳ ሰዋ፡ ብርክት ዝበሉ ሌይታዊ ትልሂታት፡ ቁጽረን ዘይፍለጥ ሰጣረቶታት፡ 300 ሕጋዊ ፍቓድ ዝነበረን ኣመንዝራታት ነይረን። ስለዚ ባጽዕ ብዝሽድቶዮ ኣንገሎ ሀይሀይታን "ተባለ እንዴ" ብዝብል ግሉን ደርፌ ናይቲ እዋን ኣሰኺኻ ዋዕዋዕታ ዘለዎ ደርፍታት ኣምሓርኛን "ምቕናይ ጥዑም'ዩ" ዘርእሱ ከርስ ኣለሞ ናይ ዝተባህለ ትግራዋይ ደርፌ ወሲኽካ እዚዚ ኤርትራውያን ከም ክራር ከም ዝቃኣ እዩ ዝጽበር ነይሩ።

ናይቶም ጉጅለ ጎሊሑ ዝረኣየካ ውዲታት፡ ብስርዓት ደርግ ዝቖመ ናይ 'ወጣቶች ማህበር' ዝብልዎ ብስም "ኪነት" (ባህሊ) ንመንእሰያት ክልተኡ ጾታታት ኣከቢዑን ብሉት ቦታ ፈልዩ፡ ብመስተን ካልእን ከበልዕሞ ባይታ ምፍጣሩ'ዩ። እዚ ክይኣኽል፡ ሓንቲ ብስም "ሃገራዊ ናይ ዙረት ውድብ" እትፍለጥ መንግስታዊ ትካል፡ ሓንቲ መኪና ንመንእሰያት ፈልያ፡ ነፍሲ ወከፎም 25 ቅርሺ ከምዝኸፍሉ ገይራ ካብ ኣስመራ ናብ ባጽዕ ወሪዶም ብዘይ ዕላማ ኣብ ሆቴል ቀይሕ ባሕሪ ወሪዶም ሳልስቲ ከምዘዕንድሩ ትገብር ነበረት።

ብዙሓት ወለዲ በዚ ተግባራት እዚ ደም ዝነብዑ ምንባሮም ይፍለጥ። ምቅዋም ንብሉ ኣንጻር ዕላማታት መንግስቲ ይቑጸር ብምንባሩ ፋይዳ ኣይነበሮን። ምኽንያቱ ምስ ደገዞሞቲ መን ተማጓቲ ስለዘይነበረ። ስለዚ እቲ ድሕሪ ብዙሕ ቃልሰን ከልበትብተን ናብ ዝተወልደላ ባጽዕ ዝተመልሰ ተጋዳላይ፡ ኣብቲ ፈለማ መዓልታት እግሩ ዘእቶኖ መልክዕን ኩነታትን ባጽዕ ተደዊኑ'ዩ ጸኒሕዎ። ድምጻዊት ሄለን መለስ ንባጽዕ "ኣብዩ ከይዱ ስልማትኪ. ግለጽልዩ ብቓላትኪ. . . ." ክትብል ዘዜመቶ ደርፌ ብልክዕ ኑቲ እዋን'ቲ ዝገልጽ ነበረ።

### ሰንበት 11 ለካቲት 1990

ኣብዞ ተዛማዲ ሰላም ዝሰፈነላ ዕለት፡ ከምቲ ንቡር ኣባላት ሰልያ ክፍለሰራዊት 70 ቀንዲ ስርሖም ጸጹይ ሓበሬታ ጸላእን ወገንን ንዝምልከቶም ምሕባር ስለዝነበረ፡ ኑቶም ብኣማኢት ዝቑጸሩ እንትላይ ዓሊ ሓጂ ዝተባህለ ናይ ሞተራይዝድ ኣሃዱ ደርግ ሓላፍን ካልኦትን ምሩኻት ተተቐቢሎም ኣብ ከበቢ መቓብር ሓርበኛታት ዝርከብ ዓቢ ቢንቶ ኣኪቦም፡ ሓበሬታ ኣብ ምእካብ፡ ምስናድን ኑቶም ምሩኻት ኣብ ምምሕዳርን ተጸሚዶም ነበሩ።

ከምቲ ዝተጠቕሰ ናሻል ቤዝ ምስ ተታሕዘ ስጋለት ቀጣን ተረፈት። ጸላኢ ኩሉ ኣጽዋራቱ ዝኣከበ ፲ ክትሓልፍ ዝኸፈል መስዋእትን ክሰራን ክትግምቶ ዝከኣል'ዩ። እንተኾነ ግን ሕልሚ ፈሪህካ ከይደቀስካ ኣይሕደርን'ዩ። ሰቕ ኢልካ ምርኣዩ ድማ ናይ 1977 ተመኩሮ ምድጋም ክኸውን ይኽእል'ዩ። ብዘይካ'ዚ እቲ ናብ ካልእ ግንባራት ብምኻድ ዝያዳ ስራሕ ክሰርሕ ትጽቢት ዝግበረሉ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣብዚ ክጽመድን ክመኻነን እዩ።

ኣብዛ ዕለት'ዚኣ ሰዓት 9:30 ቅድሚ ቐትሪ ኣብሉ ይኾውን ሓይልታት ናይ ብርጌድ 10 ተሰሪዖም ጸግዕን ከውልን እናተጠቕሙ ናብ ጫፍ ገጾም በጽሑ። እንተኾነ መንከሲ ባይታ ከይረኸቡ እንከለው፡ ኣዝዩ ጽዑቕ ዝኾነ ናይ ኩሉ ዓይነታት ብረት ተተኮሶም። ካብዚ ከም ማይ ኣይሂ ዝኾየ ዝነበረ ተተኩሱቲ ንምክልኻል ገለን ናብ ባሕሪ ክዘጥሩ እንከለው፡ ገለ ውሑዳት ድማ ኣብታ ንስጋለት ቀጣን ክትኣቱ ብጺጋም ዝነበረት ሓወሲ ሓወልቲ መሰል ቦታ ተጸግዑ። ገለ ድማ ናብታ ንክልቲኡ ባሕሪ ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ እተመሓላልፍ ቢንቶ ኣትዮም ክከላኸሉ ፈተኑ።

በዚ ኩነታት እዚ ዝተተባበዐ ኣዛዚ ናይቲ ኣብ ውሽጢ ባጽዕ ዝኣተወ ተረፍመረፍ ሰራዊት፡ "ዛ ቀጣን መገዲ ዘበት ክሰግሩዋ። ሕጂ ተሪፍዎም ዘሎ ዕድል ከም ቀደሞም ከም ናይ 1967 (1977) ሕሱር ንብረት ገፊፎም ምኻድ ጥራይ'ዩ" እናበለ ክፍክር ተሰምዐ።

እቲ ኣዚ ውዱዕ ኩነታት ብደቂቕ ክከታተል ዝጸንሐ ኣዛዚ ክፍለሰራዊት 70 ተጋዳላይ ፍሊጶስ ወልደዮሃንስ "ሃለው ባርዕ ኣለኻ'ዶ ኣብ መስመር?" ክብል ተወከሰ።

"ሃለው ይሰምዓካ'ለኹ ደርማስ" ክብል ኣዛዚ ብርጌድ ሓድሽ ኤፍረም መለሰ።

"ሰማዕ ባርዕ! ጸላኢ ናይ ዓቕሊ ጸበት ለኻኸፆምካ ናይ ምጥፋእ ስጉምቲ'ዩ ዝወሰድ ዘሎ። ንሕና ድማ ከምኡ ክሳብ ገበጣ ዝውዳእ እንጻወት ዓያሹ ኣይኮንናን። ስለዚ ኣዚ ኩነታት እዚ ብኻልእ መልክዕ ንምርኣዩን ንምሓዙን ከጥዕም ምኽንያት ኣብ ዘለኻዮ ጥራይ ጸኒዕካ ሓዝ" ክብል ዘዋሳውል ትእዛዝ ሃበ።

ሓድሽ ኤፍረም፡ ዝሓዘ ሓዙ ንናይ መውጽኢታ መጥቃዕቲ ሰቡ ይውዳድብ ብምንባሩ "ሓሳብካ ዝርደኣኒ'ኳ እንተኾነ፡ ንናይ መውጽኢታ ብፍሉይን ቅልጡፍን ኣገባብ ክንፍትን ሓንሳብ ዕድል ዘይትህበና" ክብል ተመቕሊሉ ሓተተ።

"ዕድል ዝበሃል ኣይተሳእነን፡ ኩነታት ካብ ኣብ ኣድ ጸላኢ ኣብ ኣድና ስለዘሎ፡ ብሰሚኢት ምስዚ ኣብ መሸንቆቓ ጥፍኣት ዘሎ ጸላኢ ዝተሃላለኽ ምኽንያት የብልናን" ምስ በሎ "ተረዲኤካ ኣለኹ" ክብል መለሰሉ።

ከምቲ ዝተጠቕሰ በቲ ኣቐዲሙ ዝተፈተነ ኣገባብ ውግእ ምቕጻል ስለ ዘየወጸጸኡ፡ ሓድሽ ብልሓት ክሳብ ዝፍጠር፡ ናብ ስጋለት ቀጣን ዝግበር ገስጋስ ንግዚኡ ደው ኣቢልካ ውጉኣትካን ስውኣትካን ብኸመይ ኣገባብ ተውጽእ ኣብ ዝብል ዕማም ተኣትወ። ገለ ካብቶም ውጉኣት ካብ ዓይኒ ጸላኢ ተሸዊሎም ናብ ጸርጊያ ዝተጸግዑ ደንደስ ባሕሪ ገይሮም ከወጽኡ እንከለው፡ እቶም ካልኦት ውጉኣት ድማ ኣብታ ንክልቲኡ ክፋላት ባሕሪ እተራኽብ ቢንቶ ክሳብ ዝጽልምተሎም ምስ ባሕሪ ጨብሪቖ ክነብሉ ወዓሉ። ዓይኒ ምስ ሓዘ ድማ ብሓገዝ ብጾቶም ናብ ሕክምና ተወሰዱ።

መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ምስ ኣዘዝቲ ሰራዊት ኮይኖ፡ ኣዚ ንግዚኡ ጸገሙ ዘሎ ብደሆ ንምፍታሕ መኣዲ ዘተን ምይይጥን ከፈቱ። ብዙሕ ሓሳባት ድማ ፈሰሰ። ካብቲ ብዙሕ ወርጸጹን ዘዐውትን ብቕደም ተኸተለ ተሰርዐ። ገለ ካብቲ ሓሳባት፡ ነታ ካብቲ ብሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ሓራ ዝኑብሮ ቦታታት 1% ዘይትኸውንን ካብቲ ዝተደምሰሰ ሰራዊት ጸላኢ 5% ዘይከውን ሰራዊት ዝሓዘትን ውሽጢ ባጽዑ ብዘለካ ከቢድ ብረት ብጻዕቂ ደብዲብካ ናብ ሓሙኽሽቲ ቀይርካ፡ ነበረያ ነበረ ምግባራ" ዝብል'ዩ ዝነበረ።

እንተኾነ ግን ብረጋደር ጀነራል ተኸመ ተሰማ፡ ናብ ውሽጢ ባጽዕ ሰራዊቱ ሒዙ ክኣቱ እንከሎ፡ ህዝቢ ምስኡ ምስዓቡ ከም ጸቡቕ ኢጋጣሚ ተጠቒሙ፡ ጀሆ ወይ መከላኸሊ ዕርዲ ክገብሮ ብምኽኣሉ፡ እቲ ህዝቢ ድማ ገለ ክፋሉ ህዝቢ ኤርትራ ገለ ድማ ሲቪል ብምንባሩ፡ መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ከም ልቡ ክሰርሕ ኣጸገሞ።

እቲ ካልኣይ ዝተወጠነን ዝተተግበረን ሓሳብ ድማ፡ እቶም ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ግንባር ዝርከቡ ዝተማረኹ ማለት ብረጋደር ጀነራል ጥላሁን ክፍሌ፡ ብረጋደር ጀነራል ዓሊ ሓጂ ዓብደላን ካፕቴን ጺጋዮ መኩንንን ምስቲ ኣብ ውሽጢ ባጽዕ ዝነበረ ብረጋደር ጀነራል ተኸመ ተሰማ ብኣካል ኣጸቢቖም ዝፋለጡ ብምንባሮም "ውግእ ክትቅጽል ኢልካ ምሕላን ከንቱን ኑብሰ ቅትለታዊ ፈተነን ምኻኑ፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ንህዝቢ ጀሆ ምሓዝ ይቕረ ዘይብሃሎ ከቢድ ገበን ከምዝኾነ ጠቒሶም፡ ናብቲ ንምሩኻት ዝምልከት ውዕል ጀነቫ ዘኽብር ህዝባዊ ግንባር ንኣኻን ሰራዊትካን ብሰላም ክትመጽኡ ንሕና መሳርሕትኻ ዝነበርና መተንፍቲ ብኣኽብሮት ንሕብር" ዝብል ደብዳበ ከም ዝጽሕፉ ምግባር ነበረ። ንኣቶም እውን ፍቓደኛታት ስለዝኾኑ፡ ደብዳበ ጽሓፉ። ድሕሪ'ዚ ወንድሙ ኣፍናጮን ኣሰፋ ኣስጀራን ዝተባህሉ ምሩኻት ወተሃደራት ጻዕዳ ጥንዴራን ደብዳበን ሒዞም ስጋለት ቀጣን ሰንጢቖም ብቐትሪ ናብቲ ናይ ጸላኢ ቦታ ከም ዝኑዓዙ ተጉበረ።

ኣብቲ ደብዳቤ ብረጋደር ጀነራል ተኸመን ሰራዊቱን ብሰላም ኢዶም እንተ ሂቦም፡ ብጽቡቕ ክተሓዙን ዝዋዓእ ክሽክን ክግበረሎምን ምኻኑ፡ ውግእ እንተመሪጾም ግን፡ ኑቲ ጀሆ ዝተታሕዘ ህዝቢ ክወጽእ ክገድፉዎ፡ እቲ ውግእ ድማ ሰራዊት ንሰራዊት (ራሱብራስ) ክኸውን" ዝብል እማመ'ውን ቀሪቡሉ ነበረ።

ኣዚ እማመ'ዚ ምስ ሰራዊቱ መኺሩ መልሲ ንክህብ፡ ህዝባዊ ግንባር ናይ ሓደ መዓልቲ በይናዊ ናይ ተኹሲ ደው ምባል ስጉምቲ ከም ዝወሰደ'ውን ተገሊጹሉ።

እቶም እንዳ በረድ (ኣፍደገ ስጋለት ቀጣን) ኣብ ሓለዋ ዝነበሩ፡ ምምጻእ ናይዞም ደብዳበ ሰላም ሒዞም ዝተላእኩ ክልተ ምሩኻት ነበር ወተሃደራት ምስ ረኣዩ፡ ንናይ ቀረባ ሓለፍቶም ሓበሩ። ንኣቶም ድማ ንላዕለዎት። ኣብ መውጽኢታ "ትም ኢልኩም ኣእትውዎም" ዝብል ፍቓድ ተዋሂብዎም ኣተወ። ናይ 6ይ ክፍለ ጦር ሓላፊ ፖለቲካ ዝነበረ ሓለቓ ሽሕ ዶረሳ ዳደ ተቐቢሉ ሒዙዎም ናብ ጀነራል ተኸመ ተሰማ ከደ። ጀነራል "ነፍ በሉ ማይ ስተዩ ከይብሉ ቀልቡን ሃሙን ናብቲ ካብ ህዝባዊ ግንባር ዝተላእከ ደብዳበ ገበረ። ጉላበጡ ድሕሪ ምዕዛቡ ናብቶም ዝተላእኩ ወተሃደራት ኣዒንቱ ተኺሉ፡ ብቲ ዘዕበዮ ቋንቋ ኣምሓርኛ ገይሩ፡ "እዚ ደብዳበ እዚ ኢሳይያስ ባዕሉ ደዩ ሂቡኩም?" ክብል ሓተቶም።

እቶም ወተሃደራት "ንሕና ኢሳይያስ ደዩ ካልእ ዝፈለጥናዮ የብልናን፡ ሓደ ታጋይ (ተጋዳላይ)" ክብሉ ዝዕምሉቕ ቃል ብቕጽበት ብምቕያር "ወንበዴ (ሽፍታ) ዝሃበና ሒዝና ኢና መጺእና" በሉ ሓደ ካብኦም ክልተ ዝተላእኩ። ምልክት ፍርሒ ኣጻብዑቱ ቀራዕራዕ እናበሉ።

ጀነራል ተኸመ ኑታ ደብዳበ ክኸፍታ ህንጥዩኑት'ኳ እንተነበሮ፡ ህዝባዊ ግንባር ዝበራዕ ቀታሊ፡ ኣብ ውሽጢ በስጣ ኣእትያ ክትልክመኒ ትኽእል'ያ" ዝበለ'ዩ ዝመስል ንሓደ ካብቶም ናቱ ሓለዋ ወተሃደር ጸዊዑ "እስኪ ኣብ ደገ ኮይንካ ክፈትካያ ምጻእ" በሎ። እቲ ወተሃደር ብውሽጡ "ኣነ'ኸ ዘይመውት ደዩ መሲልዎ" በለ። ከምዝተባህሎ ከፊቱ ኣምጽኣ።

እቲ ጀነራል ዝኾኑ ናብቲ ኣብ ሆቴል ረድሲ ዝተሰርዐ ሶፋ ኣጸጊዑ፡ መጽሩ ተኺሉ ብጥንቃቐን ህድኣትን ኣንበቦ። ድሕሪ'ዚ ገጹ ናይ ዘይምሕጓስ ምልክት ኣርኣየ። ኑቶም ኑታ ደብዳበ ዘምጽኡ ወተሃደራት ድማ ብክፉእ ዓይኒ ጠመቶም። ቀጺሉ "ንስኻትኩም ናይ ወንበዴታት (ሽፋቱ) ተሓጋገዝቲ ኢኹም። ተልእኾኹም ዕጥቂ ሰራዊትና ንምፍታሕ እዩ። ኩሓድቲ ኢኹም። ስለዚ ያላ ካብ ቅድመይ ተኸወሉ" በሎም ኑቶም መሳኪን ወተሃደራት ብሕርቃን።

ይቕጽል

ሸባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሸባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሸባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# እንታይ እንተ ተመገብና ደኣ'ዩ'ሞ ክሓይሽ?

ብዓልቤተይ፡ "ዩሪክ ኣሲድ በዚሑ ስለ ዘሎ ከም ብዓል ስጋ፡ ሽሮ፡ ዓደስ ዝኣመሰሉ ዓይነት መግቢ ካብ ምብላዕ ተቘጠብ፡" ተባሂሉ ...።

ደዋሊት፥ ሄለው ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ድዩ?

ኣማኻሪት፥ ጽቡቕ ኣለኺ ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኪ ኣለኺ፣ መን ክብል?

ደዋሊት፥ ሰምሃር እብሃል ካብ ኣስመራ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፥ ኣነ'ውን ሄዋን እብሃል። እንታይ ክሕግዘኪ ሰምሃር?

ደዋሊት፥ ቅድሚ ክልተ ሰሙን ብዓልቤተይ ብርትዕቲ ሰዓል ሒዛቶ ንሕክምና ከይዱ ምሉእ ውሽጣዊ መርመራታት ድሕሪ ምክያድ፡ ንሰዓል ዘድሊ መድሃኒት ተኣዚዙዎ ጽቡቕ ለውጢ'ውን ኣርእዩ። እንተኾነ ግና ኣብቲ ዝገበሮ ናይ ደም መርመራ ዩሪክ ኣሲድ በዚሑ ስለ ዘሎ ከም ብዓል ስጋ፡ ሽሮ፡ ዓደስ ዝኣመሰሉ ዓይነት መግቢ ካብ ምብላዕ ክቑጠብ ከም ዝሓበሩዎ ነጊሩኒ። እዞም ዝጠቐስለይ መግቢ ድማ ብብዝሒ እነዘውትሮም ዓይነት መግቢ ብምኳኖም ቊሩብ ሻቕሎት ፈጢሩለይ። "እሞ ነዚኣቶም ገዲፍና ደኣ እንታይ ኢና ክንምገብ?" ብምባል፡ "ሕጂኸ እንታይ ክሰርሕ'የ?" ክብል'የ ዝውዕል ዘለኹ። ሽሕ'ኳ ዩሪክ ኣሲድ ክብሃል እሰምዕ እንተ ኮንኩ ዕሙቕ ዝበለ ኣፍልጦ ግና የብለይን። ስለዚ፡ ገለ ኣምር ንኽህሉወኒ፡ ዩሪክ ኣሲድ እንታይ'ዩ ክፈልጥ ደልየ?

ኣማኻሪት፥ ብመጀመርታ ሓበሬታ ደሊኺ ናብ ኣገልግሎትና ብምድዋልኪ ከመስግነኪ እፈቱ። ዩሪክ ኣሲድ፡ ካብ ዩሬት ዝተባህለ ቀመም ዝፈሪ ኮይኑ፡ ብኣካላትና ዝፈሪ ወይ ካብ መግቢ እንረኽቦ ክኸውን ይኽእል። ኣካላትና ነዚ ቀመም ብብዝሒ ምስ ዘፍርዮ ወይ ልዑል ትሕዝቶ ዩሬት ዘሎዎ መግቢ ብብዝሒ ብምምጋብ፡ ኣብ ኣካላትና ክእከብ ይኽእል። በዚ ምኽንያት ድማ ክንዲ ብንቡር መስርሕ ሽንቲ ካብ ኣካላትና ተጸሪጉ ዝጕሓፍ፡ ኣብ ደምና ብጻዕቂ ብምእካብ ዝፍጠር ኵነት'ዩ።

ደዋሊት፥ ምልክታት ኣሎዎ ድዩ? ብኸመይ ክንፈልጦ ንኽእል?

ኣማኻሪት፥ ንነዊሕ እዋን ምልክታት ከየርኣየ ክጸንሕ ስለ ዝኽእል፡ ኣቐዲምና ክንፈልጦ ኣሸጋሪ'ዩ። እንተኾነ ግና ኣብ ትካል ጥዕና ብምኻድ ናይ ዩሪክ ኣሲድ መርመራ ደም ብምግባር ህላውነቱ ክንጽር ይኽእል። ዝያዳ ምስ ምውሳኽ ዕድመ ምልክታቱ እናተጋህደ ክመጽእ ይኽእል።



ሰላሕታዊ ስለዝኾነ ድማ እቲ ሰብ ብቐሊሉ ክፈልጦ ኣይክእልን'ዩ። መጠኑ እናዛየደ ኣብ ዝመጽኣሉ ግና ኣብ ጭዋዳን ኣዕጽምትን ብምእካብ፡ ኣብ መላግቦታት ቃንዛ፡ ነድርን ሕበጥን ከኸትል ይኽእል። ኣብዚ ኵነታት ድማ ሰባት ብተደጋጋሚ ብርከይ ኣሕሚሙኒ ክብሉ ዝስምዑ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ናብ ዕርቂ ወይ ብሕክምናዊ ኣጸዋውዓ ጋውት (Gout)፡ ብልምዲ ድማ ኣቜዶ ኦርቺ እናበልና እንጽውዖ ሕማም ይምዕብል ማለት'ዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ምሓዝን ምንቅስቓስን ከምኡ ድማ ክቱር ቃንዛ መላግቦታት ከስዕብ ይኽእል።

ደዋሊት፥ እንታይ ትብሊ ኳለይ! ማዕረ ክንድኡ ክበጽሕ ይኽእል!። እዚ ብዓልቤተይ ደኣ'ሞ ሳሕቲ'ዩ እምበር ብርከይ ይብል ነይሩ እንድዩ። ግና ብስራሑ ሃለኽለኽ ስለ ዝብል ድኻም'ዩ ዝመስለና ነይሩ። መን ይፈልጥ እቲ ጸገም ዩሪክ ኣሲድ ነይሩ ይኸውን። ወይ ጉድ! ኵነታት ጥዕናኻ ዘይምፍላጥ እባ ወደይ ግናይ። እሞ እንታይ እንተ ተመገብና ደኣ'ዩ ዝሓይሽ? በጃኺ እስከ ምስዚ ናይ ብዓልቤተይ ኣተኣሳሲርኪ ኣብ ገዛ ክገብሮ ዝግብኣኒ ኵሉ ሓብርኒ።

ኣማኻሪት፥ ሰምሃር ብዓልቤትኪ ዝኾነ ሕዱር ሕማም ኣሎዎ ድዩ? ማለት ብቐጻሊ ዝወስዶም መድሃኒታት ኣሎዎ ድዩ?

ደዋሊት፥ ክሳዕ ሕጂስ ዝኾነ ሕዱር ሕማም ይኹን ዝወስዶ መድሃኒት የብሉን። ዘይሸዑስ ሰዓል በርቲዓቶ'ዩ ንሕክምና ከይዱ እምበር፡ ሕክምና ምኻድ'ኳ ዘይፈቱ።

ኣማኻሪት፥ ገለ ገለ ሰባት "ሕክምና ምኻድ ኣይፈቱን'የ፡" ክብሉ ይሰምዑ እዮም፣ ዋላ'ውን ሓሚሞም እንክለዉ። እዚ ግና ግጉይ ኣበሃህላ'ዩ። ምኽንያቱ ዝኾነ ሰብ ክገብሮ ዝግብኦ፡ ምስ ሓመመ ዘይኮነ ኣቐዲሙ ኵነታት ጥዕናኡ ንምፍላጥ ኣብ ትካላት ጥዕና ብምኻድ፡ ኣካላዊ መርመራ ክካይድ ይግባእ። እዚስ ይትረፍ እሞ ገለ ምልክታት ናይ ሕማም እናተሰምዓካ ብባዕላዊ ትንታነ፡ "እዚኣ ደኣ ቀላል እንድያ፡ ሕጂ ክትገድፈኒ እንድያ፡ ወይ ድማ ነዚኣ ኢለስ ሕክምና ክኸይድ?" ዝብሉ ኣይሰኣኑን። ግዜ እናወሰደ ምስ ከደን ሕማም ዘይከም ዝሓሰብናዮ እናበርትዐ ምስ ከደን ግና ተደጊፍናን ከይፈተናን ናብ ትካል ጥዕና እነምርሕ ውሑዳት ኣይኮንናን። ስለዚ፡ ናብ ትካል ጥዕና ምኻድ ማለት ምፍታውን ዘይምፍታውን ዘይኮነ ጉዳይ ህይወት'ዩ፣ ስለዚ ሽለል ክብሃል የብሉን። ዝኾነ ሰብ ሕዱር ሕማም ምስ ዝህሉዎ'ሞ ብቐጻሊ ዝወስዱ መድሃኒታት ምስ ዝህሉዊዎ ወይ ድማ ናይ ስርዓተ ውሽጠ ኣንዛዒ (Endocrine System Disorder) ጸገማት ምስ ዝህሉን ምዕሩይ ኣመጋግባ ምስ ዘይህሉወናን ናብዚ ሕማም ክንቃላዕ ንኽእል።

ደዋሊት፥ ምዕሩይ መጋግባኸ ከመይ ዝበለ'ዩ፡ ክተነጽርለይዶ?

ኣማኻሪ፥ ምዕሩይ ኣመጋግባ ክብሃል እንከሎ፡ ንጥዕና ዘይጉድእ ስሩዕን ዝተመጣጠነ መግቢ ምዝውታርን ማለት'ዩ። ንኣካላትና ዝተፈላለየ ትሕዝቶ መግቢ የድልየ። ንሳቶም ድማ ካርቦሃይድረይት፡ ፕሮቲን፡ ስብሒ፡ ቪታሚን፡ ማዕድናትን ማይን እዮም። እዚኣቶም ድማ ኣብ ዕለታዊ ኣመጋግባና ክነዘውትሮም ይግባእ። ካርቦሃይድረይት ካብ ኣእካል፡ ባኒ፡ ቅጫ፡ ባናና፡ ፓስታ፡ ሩዝ፡ እንቋቝሖ፡ ፒሳ፡... ክንረኽቦ ንኽእል። ፕሮቲን ካብ ስጋ፡ እንቃቕሖ፡ ጸባ፡ ዓሳ፡ ካብ ጥረታት፡ ፉል፡ ሽሮ፡ ዓደስ፡ ኣሕምልቲ፡ ወዘተ ክርከብ ይኽእል። ስብሒ ካብ ስጋ፡ እንቋቝሖ፡ ጠስሚ፡ ርግኦ፡ ዓሳ፡ ወዘተ ክርከብ ይኽእል። ቪታሚናት ድማ ካብ ፍረታት፡ ኣሕምልቲ፡ ዓሳ፡ ከብዲ፡ እንቋቝሖ፡ ወዘተ ይርከብ። ማዕድናት ድማ ንኣዕጽምቲ፡ ጭዋዳታት፡ ልቢ፡ ከምኡ'ውን ሓንጎል ብግቡእ ንኽሰርሑ ዝሕግዙ ኮይኖም፡ ካብ ከብዲ፡ ኩሊት፡ ኣእካል፡ ዓሳ፡ ጥረታት፡ እንቋቝሖ፡ ማይ፡ ጸባ፡ ኣሕምልቲ፡ ኣዝርእቲ፡ ክንረኽቦም ንኽእል። ስለዚ ዕለታዊ ኣመጋግባና ንኹሎም እዞም ትሕዝቶታት ዘካተተ ድዩ ኣይኮነን ምግንዛብ የድሊ። ኣለኺዶ ሰምሃር?

ደዋሊት፥ ኣለኹ ሄዋን፡ ግና እዚ ኵሉ ክትጠቕስዮ ዝጸናሕኪሲ ካብኡ ወጻኢ ደኣ'ሞ እንታይዶ ንምገብ ኢና? ዘይንሱ'ዩ መግብና።

ኣማኻሪት፥ ጽቡቕ ኣለኺ። እንተኾነ ግና ዕለታዊ ንኹሎም ንጥቀመሎምዶ እዩ እቲ ሕቶ። ንኣብነት፡ ድሕሪ ናይ ጾም እዋናት፡ ጾም ጸኒሕና ብምባል ብዘይቅያር ንመዓልታት ብዘይ ቅያር ስጋ ጥራይ ከነዘውትር ንርእ ኢና። እዚ ድማ'ዩ ዘይምዕሩይ ኣመጋግባ ዝብሃል። ትርድእኒ ክትህልዊ ተስፋ እገብር።

ደዋሊት፥ ተረዲኣኪ ሄዋን። በሊ እስከ እዚ ዩሪክ ኣሲድ ዝብሃል እንተ በዚሑኸ ክፍወስ ይኽእል ድዩ?

ኣማኻሪት፥ ኣቐዲመ ከም ዝሓበርኩኺ ምልክታት ከየርኣየ ንነዊሕ ክጸንሕ ስለ ዝኽእል፡ ሰባት ብኻልእ ምኽንያት ናብ ሕክምና ምስ ከዱ'ዩ ዝንጸር። ካብቲ ሕማም ዝንጽረሉ ግዜ ድማ ነቲ ሕማም ከጋድዱ ካብ ዝኽእሉ ዓይነታት መግቢ ምቍጣብ፡ መድሃኒት ኣድላዩ ምስ ዝኸውን ድማ ብሓኪም መድሃኒት ክእዘዘልካ ይኽእል'ዩ።

ደዋሊት፥ ሕቶ ደኣ ኣብዚሕኪ ኣይትበልኒ እምበር፡ ዩሪክ ኣሲድ ዘብዝሑ ወይ ዘጋድዱ መግብታት ኣሕጽር ኣቢልኪዶ ክትደግምለይ?

ኣማኻሪት፥ ኣጆኺ ጸገም የለን፡ ነጻ ኳንኪ ሕተቲ። ሕቶኺ ንምምላስ ግና ብፍሉይ ነቶም ነዚ ሕማም ዘማዕበሉ ሰባት፡ ነዞም ብብዝሒ ዩሪያ ዝብሃል ትሕዝቶ ዘሎዎም መግብታት ከም ጥረታት፡ ስጋ፡ ካብ ኣሕምልቲ'ውን ከም ስፒናች፡ ኣድሪ ዝኣመሰሉ ንግዜኡ እንተ ዘይተመገቡዎም ይምረጽ። ንኣብነት፡ ገለ ገለ ሰባት "ስጋ ብዕራይ እምበር ስጋ በጊዕ ወይ ጤል ይብላዕ እዩ፡" ክብሉ ይሰምዑ እዮም። ወይ'ውን ሽሮን ዓደስን ዝኣመሰሉ ክምገቡ ይርኣዩ እዮም። ኣብዚ ክንርድኦ ዘሎና፡ ስጋ፡ ሽሮ፡ ዓደስ ምብላዕ ኣይኮነን ዝጽላእ። እቲ ምኽንያት ኣብ ውሽጦም ዝርከብ ትሕዝቶ ዩረይት ዝተባህለ ቀመም'ዩ ዘውስኽ። ስለዚ፡ ኣብ ስጋ እንተ ደኣ ይርከብ ተባሂሉ፡ ስጋ ብዕራይ ድዩ ስጋ በጊዕ ኵሉ ስጋ'ዩ። ትሕዝኒዶ ኣለኺ ሰምሃር?

ደዋሊት፥ እዋይ ጽቡቕ ገይረ እምበር፡ ካብ ሕጂ ንደሓር ኣብ ኣቀራርባይ ገለ ለውጢ ክገብር ክፍትን እየ። ዝኣክል ምኽሪ ስለ ዝሃብክኒ ብልቢ'የ ዘመስግነኪ። የቐንየለይ።

ኣማኻሪት፥ ኣነ'ውን መሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ ምኽሪ ደሊኺ ተጠቃሚት ኣገልግሎትና ብምኳንኪ ደጊመ ኣመስግነኪ። ብሩኽ መዓልቲ።

## ልቦና — ኣነቓቓሒ ጥቕሲታት

"ሓጐስ ምምቓል እምበር ስቓይ ምምቓል ዕርክነት ኣይፈጥርን።"

- Friedrich Nietzsche

"እቲ እሙን ዓርከይ ዝብሃል፡ ንጽቡቕ ዓቕመይ ካብ ዝተሓብኣ ጕርጕሩ ዘውጽእ እዩ።"

- Henry Ford

"ዕርክነት ማለት፡ ፍቕሪ ብዘይ መንገብገባ ማለት'ዩ።"

- Lord Byron

"እሙን ዓርኪ ኣብ ግንባርካ እዩ ዝወቕዓካ።"

- Oscar Wild

"ኣብ ዕርክነት እቲ ቀዲምና እንደልዮ ተኣማንነት እዩ።"

- Cicero

"ፍተና ንሓቀኛ ዕርክነት ይፈርድ።"

- Cicero

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project:**

**Position: HR Supervisor - Employee Relations**
**Department: Employee Services**
**Section: Human Resources (HR)**
**Number of Positions: One (01)**

**Primary Purpose**

- Supervise and administer all employee related issues, disciplinary matters, wellbeing activities, case management, HR documentation, and compliance activities, ensuring accurate reporting and adherence to company policies and Eritrean Labour Laws.

**Main Functions**

- Administration of HR Processes and Reports
- Coordinate employee wellbeing activities in collaboration with relevant departments
- Manage Disciplinary Matters, Grievances, Employee Cases, and Legal Compliance Tasks
  - A. Disciplinary & Grievance Management
  - B. Employee Case Management
  - C. Sick Leave Management
  - D. Separation Management
  - E. Labour Court Case Management
- Ensure HR documentation and processes meet audit and legal standards.
- Data Analytics & Reporting

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Administration of HR Processes and Reports**

- Ensure all Employee Relations activities are captured in relevant systems.
- Prepare and submit month-end HR reports, IRC reports, and Board notes.
- Monitor compliance with HR policies, procedures, and statutory requirements.
- Maintain accurate filing of HR documentation in line with audit requirements.
- Conduct reports and analysis of exit interviews; escalate issues of concern.
- Prepare discipline reports (daily), turnover analysis (monthly), employee case reports (weekly), and labour court status reports.

**Coordinate Employee Wellbeing related activities in liaison with various departments**

- Assist in planning and execution of company sports activities and social events.
- Facilitate projects and activities aimed at improving employee morale.
- Coordinate annual employee morale survey.
- Organize and manage sports activities in collaboration with various departments.

**Managing Disciplinary Matters, Grievances, Employee Cases & Legal Compliance**

**A. Disciplinary & Grievance Management**

- Arrange disciplinary hearings, including venue, participants, translators, and custody of evidence.
- Investigate grievances, misconduct, and workplace complaints with fairness and confidentiality.
- Ensure all necessary documents are available and participate in disciplinary hearings.
- Provide guidance to line management and employees on disciplinary policies and procedures.
- Ensure grievances and complaints are handled in compliance with the grievance policy and Eritrean labour law (legal standards).
- Document hearing proceedings by taking accurate minutes.
- Ensure disciplinary measures align with company policies and procedures.
- Draft responses to court orders and represent the company in court when required.

**B. Employee Case Management**

- Routinely monitor and diligently follow up all employee cases.
- Ensure timely and appropriate resolution of each case.
- Maintain open, clear, and empathetic communication with employees, providing updates and guidance while ensuring confidentiality.
- Collaborate with managers and supervisors to ensure consistent application of policy in case management.
- Record all interactions, progress, and outcomes in the case tracker.

**C. Sick Leave Management**

- Oversee the entire sick-leave process from documentation to return-to-work protocols.
- Ensure compliance with sick-leave policies and entitlements.
- Adhere to Eritrean labour laws relating to sick leave.
- Provide guidance to employees and managers on sick-leave procedures and legal obligations.
- Follow up all employee insurance claims.

**D. Separation Management**

- Facilitate a smooth, respectful, and legally compliant separation process.
- Analyze exit interview feedback to identify improvement opportunities.
- Oversee accuracy and timely processing of severance pay, accrued leave payouts, and Certificates of Service in line with policy and Eritrean labour law.

**E. Labour Court Case Management**

- Follow up court case status and hearing schedules.
- Maintain detailed records of communications, filings, and court decisions.
- Ensure full compliance with court orders and rulings.

**Ensure HR Documentation and Processes Meet Audit and Legal Standards**

- Ensure all HR documentation is accurate, complete, and properly filed, meeting legislative (Eritrean labour law) and internal audit requirements, with periodic self-audits to verify compliance.
- Verify employment contracts before final approval by the HR Manager.
- Ensure clearance forms and certificates of service are completed prior to final sign-off.
- Monitor compliance with severance pay policy and termination procedures.

**Data Analytics & Reporting**

- Maintain accurate records of employee relations cases.
- Analyze data to identify patterns in grievances, turnover, or engagement.
- Provide regular reports to HR leadership for decision-making.

**Unique requirements / other information**

- Ability to maintain confidentiality and handle sensitive information professionally.
- Carry out any other lawful duties or instructions as requested by the line manager.

**Knowledge, Experience and Skills**

**Qualifications:**

- Degree or Diploma in Business Management, Public Administration, Human Resources Management, or Law.
- Strong understanding of employment law, compliance, and HR best practices.
- Education or experience in labor law and legal compliance is highly desirable.
- Prior HR experience, ideally in employee relations or labor relations.

**Knowledge and Experience:**

*Continued on page 7*

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ንክሬልቲ ግዛቢ

ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ካብ 02 ጥሪ 2026 ዓ/ም ጀሚሩ ዓመታዊ ግብሪ ከኸፍል ጀሚርና ከምዝለና እናኣፍለጥና፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣሃዱ ኢታዊ ግብርን ቀረጽን ቁ/21 መጺእኩም ብኸምዚ ኣገባብ ክትከፍሉ ንሕብር።

1. ግብሪ መሬት፡ ግዝን ጽርየትን ናይ ንግዲ ፍቓድ፡ ክራይ ግዝኡ ክራይ መደብ ዕዳጋታትን።

2. መንግስታዊ ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪታትን ኣብያተ ትምህርትን ወዘተ።

3. ብዋዚያዊ መሬት ሕርሻ፡ ሮታመን ፍሓምን ወዘተ ዝተመርሓልኩም፡ ምስ ከሬልኩም ፎርም ዓመታዊ ክራይ ውዕል ኣብ ቁ/14 መጺእኩም ክትወስዱ ንሕብር።

ኩሉኹም ዝምልከተኩም ከሬልቲ ግብሪ ኣብ እዋኑ ምስ ዘይትኸፍሉ፡ ንዘስዕብ መቕጻዕቲ ናትኩም ሓላፍነት ምዃኑ ደጊምና ንሕብር።

ምምሕዳር ዞባ ማእከል።

---

## ዳይናሚክ ኮምፕዩተር ማእከል ርሑስ ሓድሽ ዓመት እንዳበለ

## ነዞም ዝስዕቡ ትምህርቲ ከምዘዳለወ ብሓጎስ የበስር!!

- Principle of Accounting with Peachtree & Tally software (with d/t levels)
- Advance Video and Music Editing (FL studio 20)
- Video film Shooting and Photography
- Basic Networking & Intermediate Networking
- Engineering Graphics (Adobe illustration & InDesign)
- 3D-Animation
- Programing (Python, Robotics, etc…)
- Computer Maintenance
- Basic computer application

**ከምኡ'ውን :≥ ዝመሃርዎ ሶፍዌራትን መጽሓፍትን ንቕርብ**

- ስልጠና ምስ ተወድአ ንሓደ ዓመት ዝጸንሕ ነጻ ናይ ልምምድ ግዜ ነፍቅድ።
- ተመሃሮ ንስልጠና ዝጥቀምሉ ላፕቶፕ ወይ ሞባይል ብርትዓዊ ዋጋ ንጽግን።
- ኣከፋፍላ ነፍቅድ
- ኣብ መወዳእታ ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ቅቡል ዝኾነ ሰርትፊኬት ንህብ።

ኣድራሻና፣ ከባቢ ሓወልቲ ፑሽኪንጥቃ ግደይ ካፈ ቁ.34 ኢዩ። ቴሌ 202512

---

*Continued from page 6*

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project:**

**Position: HR Supervisor - Employee Relations**
**Department: Employee Services**
**Section: Human Resources (HR)**
**Number of Positions: One (01)**

- 3 - 5 Years of experience in personal administration handling employee-related issues; experience in the mining industry is an advantage.
- Knowledge and understanding of the Eritrean Labour Proclamation and related employment laws.
- Experience with disciplinary hearings, grievances, court appearances, and drafting legal responses.
- Experience in HR reporting, compliance processes, and employee case management.

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Computer Literacy (MS Office – Intermediate) | • Strong communication skills (English and Local language) |
| • Attention to detail | • Assertiveness |
| • Report writing skill | • Interpersonal Relations |
| • Knowledge of HR Policies, Procedures and Processes | • Ability to meet deadlines |
| • Manage audit requirements | • Accuracy |
| • Labour Legislation knowledge | • Confidentiality |
| • Business Communication skills | • Integrity/Business Ethic |
| • Financial acumen | • Ability to work under pressure |
| • Administrative skill | • Strategic Thinking |
| • Presentation skill | • Problem Solver |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to: -**

**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment permits**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ቀይሕ

## ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

"ከመይ ሓዲርኪ ዓባየይ!" በለት። እንተ ኾነ ግና ዝኾነ መልሲ ኣይረኸበትን። ናብቲ ዓራት ብምኻድ ነቲ ኮቦርታ ሰሓበቶ። ዓባያ ብዘገርም ኣቃውማ ደቂሳ ጸንሓታ።

"ዓባየይ ከመይ ዝበለ ዓቢ እዝኒ ደኣ'ዩ ዘሎኪ?" ሓተተት ቀይሕ።

"እዛ ጓለይ ኣጸቢቐ ንኽሰምዓኪ እዩ ገዚፍ እዝኒ ዘሎኒ፡" ዝብል መልሲ ረኸበት።

"ዓባየይ፡ ከመይ ዝበለ ዓበይቲ ኣዒንቲ ደኣ'ዩ ዘሎኪ?"

"እዛ ጓለይ፡ ጽቡቕ ገይረ ንኽርእየኪ እዩ።"

"ዓባየይ ከመይ ዓይነት ዓበይቲ ኣእዳው ደኣ'ዩ ዘለኪ?"

"እዛ ጓለይ መታን ጽቡቕ ገይረ ክሓቕፈኪ እየ፡"

"እዋእ ዓባየይ ከመይ ዓይነት ዘባህርር ዓቢ ኣፍ ደኣ'ዩ ዘሎኪ?"

"እዛ ጓለይ መታን ጽቡቕ ገይረ ክበልዓኪ፡"

እቲ ዝብኢ፡ ድሕሪ'ዚ ብዙሕ ክዛረብ ኣይከኣለን። ብቕልጡፍ ንቐይሕ ብሓንቲ ኹላሶ ወሓጣ። እቲ ዝብኢ፡ ዝበሮ ጥሜት ድሕሪ ምዕንጋሉ ተመሊሱ



ኣብቲ ዓራት ደቀሰ። ድቃስ ስለ ዝወሰዶ ድማ ዓው ኢሉ ክሕርንኽ ጀመረ።

ሓደ ሃዳናይ፡ ቡቲ ገዛ እናሓለፈ ከሎ ንኽርናኽ ናይቲ ዝብኢ ሰምዖ እሞ፡ ምስ ኑብሱ ከኣ ከምዚ በለ፡ "እዛ ዓባይ ሰበይቲ ደኣ ከመይ ኢላ እያ ትሕርንኽ ዘላ። ግድን ናብቲ ገዛ ተኣልየ ደሃያ ክገብር ኣለኒ። ዝኾነ እንተ ደልያ ድማ እሕግዛ" ብምባል ናብቲ ገዛ ኣተወ። ኣብቲ ዓራት ምስ በጽሐ ድማ እቲ ዝብኢ ኣብኡ ደቂሱ ከም ዘሎ ረኣየ። ነቲ ዝብኢ ቅድሚ ሕጂ ይፈልጦ ብምንባሩ ድማ ብሕርቃን፡ "ኣታ ዕሉል ሰራቒ ኣብዚ እምበኣር ረኺበካ? ኣብ ነዊሕ እዋን ኣትሐዘ እየ ዝደልየካ ነይረ!" በሎ።

ሽዑ ተኩሱ ንኽቕትሎ እናተዳለወ ከሎ፡ 'እቲ ዝብኢ ነታ ዓባይ ሰበይቲ በሊዕዋ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንሳ ድማ ገና ክትድሕን ትኽእል እያ' ኢሉ ብልቡ ሓሰበ። ምትኳስ ኣቋሪጹ መቐስ ብምድላይ ኰቦዲ ናይቲ ደቂሱ ዘበረ ዝብኢ ክቐዶ ጀመረ።

ክልተ ግዜ ምስ ቀደደ፡ እታ ቀይሕ ኣብ ውሽጢ ኰቦዲ ናይቲ ዝብኢ ኮይና ውሪሕሪሕ ክትብል ጸንሓቶ። ደጊሙ ክልተ ግዜ ምስ ቀረጸ ከኣ ቀይሕ፡ "ኣዝየ ፈሪሐ ጸኒሐ! ኣብ ውሽጢ ኰቦዲ ናይዚ ዝብኢ ኣዝዩ ጸልማት እዩ" ኢላ እናበኸየት ካብቲ ገዛ ወጸት።

ብድሕሪኡ እታ ብዕድመ ዝደፍአት ዓባይ ሰበይቲ'ውን ብህይወት ወጸት። ግና ከኣ ዳርጋ

# ጽውጽዋይ

ኩተሱተንፍስ ትኽእል ኣይነበረትን። እታ ቀይሕ ግና ተቐላጢፋ ዓበይቲ ኣእማን ብምምጻእ ንኹቦዲ ናይቲ ዝብኢ መልኣቶ። እቲ ዝብኢ ምስ ተሰአ ከኣ ክሃድም ፈተነ፣ ግና እቲ ኣእማን ኣዝዩ ከቢድ ብምንባሩ ተዓጺፋ ድሕሪ ምውዳቕ ብኡንብኡ ሞተ።

ሽዑ ሰለስቲኦም ኣዝዮም ተሓጎሱ። እቲ ሃዳናይ ነቲ ቆርበት ናይቲ ዝብኢ ሒዙ ናብ ገዝኡ ከደ። እታ ዓባይ ሰበይቲ ድማ ነቲ ጓል ጓላ ዘምጽኣቶ ሕብስቲ ድሕሪ ምብላዕ ነቲ ወይኒ'ውን ሰተየቶ።

ቀይሕ ከኣ ምስ ኑብሳ ከምዚ በለት፡ "ብህይወት ክሳዕ ዘለኹ ለበዋ ኣደይ ኣይከዕብርን እየ። መገደይ ገዲፈ ድማ ናብቲ ጫካ ገጸይ ኣይክኸይድን እየ።"

ሓደ እዋን ቀይሕ፡ ናብ ዓብያ እናኸደት ከላ ካልእ ዝብኢ ከም ዝረኸበን ከምቲ ዝሓለፈ ጠቢሩ ናብቲ ጫካ ከእትዋ ከም ዝፈተነ'ውን ይንገር። ንሳ ግና ካብቲ ዝሓለፈ ጌጋኣ ተማሂራ ስለ ዝነበረት ዘረብኡ ዕሽሽ ብምባል መገዳ ቀጸለት። ናብ ዓባያ ምስ በጽሐት ድማ ዝብኢ ኣብ መገዲ ረኺቡ 'ሓደርኪ' ከም ዝበላን፡ ኣብ ኣዒንቱ ግና እኩይ ትርኢት ስለ ዝነበሮ፡ ኣብ ህዝባዊ መገዲ እንተ ዘይኑብሩ ክበልዓ ከም ዝሓሰበ ርግጸኛ ኮይና ነገረታ። እታ ዓባይ ሰበይቲ ድማ፡ "እሞ እቲ ዝብኢ ንኸይኣቱ እዚ ገዛ ክንዓጽዎ ኣለና፡" በለታ።

ድሕሪኡ ነዊሕ ከይጸንሐ እቲ ዝብኢ ማዕጾ ኳሕኩሐ፡ "ማዕጾ ክፈትዮ ዓባየይ ኣነ ቀይሕ እየ። ገለ ሕብስቲ ድማ ኣምጺኤልኪ ኣለኹ፡" እናበለ በኸየ። ንሳተን ግና ኣይተዛረባ፣ ማዕጾ'ውን ኣይከፈታን። እቲ ዝብኢ ክልተ ሰለስተ ግዜ ኣብ ዙርያ ናይቲ ገዛ ኮለለ። ኣብ መወዳእታ ድማ ምስ መሰየ ቀይሕ ናብ ገዝኣ ክትከይድ ከላ ደድሕሪኣ ሰዒቡ ክበልዓ ብምሕሳብ ክሳዕ ዝመሲ ኣብቲ ናሕሲ ደዪቡ ክጸቢያ ጀመረ። እታ ዓባይ ሰበይቲ ግና ብልክዕ ኣብ ሓሳቡ እንታይ ከም ዘበረ ክትግምት ከኣለት። ኣብ ኣፍደገ ናይቲ ገዛ ዓቢ ናይ እምኒ ጉድጓድ ስለ ዝነበረ፡ እታ ዓባይ ሰበይቲ ንቐይሕ ከምዚ በለታ፡ "ዓንተቦይ ስጋ ኣብሲለ ነይረ። ስለዚ፡ ነቲ ዝበሰልክሉ ማይ ኣብ ሳንኬሎ ኣለኪ. ናብቲ ጉድጓድ ውሰድዮ፡" ቀይሕ ድማ ነቲ ሳንኬሎ ተሰኪማ ናብቲ ጉድጓድ ወሰደቶ። እቲ ሽታ ናይቲ ስጋ ነቲ ዝብኢ በጽሖ። ክሽትት ኢሉ ንታሕቲ ቍሊሕ በለ። ኣዝዩ ስለ ዝተመጥጠ ግና ኑብሱ ክቈጻጸር ኣይከኣለን። ዘይሓሰቦ ድማ ሸተት ኢሉ ኣብቲ ጉድጓድ ጠሓለ። ኣብኡ ድማ ሞይቱ ተረፈ።

ቀይሕ ብሓጎስ ናብ ገዝኣ ተመልሰት። ዳግማይ ዝጐድኣ ዝኾነ ፍጡር ድማ ኣይረኸበትን።

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ እምበኣር ኣብዛ ዛንታ ከም ዝረኣናዮ ቀይሕ ካብ መጀመርታ ዘረባን ምኽርን ኣዲኣ ሰሚዓ ነይራ እንተ ትኸውን ንሳን ዓባያን ኣብዚ ኩሉ ሽግር ኣይምኣተዋን። ደሓር ግና ካብ ጌጋኣ ስለ ዝተማህረት ካልኣይ ግዜ ካልእ ዝብኢ ኩዳህልላ ኣይከኣለን። ንሕና ድማ ኹሉ ሰድራና ዝህቡና ምኽርን ማዕዳን ልብና ኣውዲቕና ክንሰምዖ ይግባእ። ተራ ምስማዕ ዘይኮነ፡ ክንጽዮ ምስማዕ ኣብ ልብና'ውን ክነሕድሮ ኣለና። እዚ ምስ ንገብር ንዝኾነ ዝመጽኣና ተጻብኦ፡ ብዘይ ዝኾነ ጸገም ክንሰግሮ ንኽእል። ሃየ በሉ ካብ ሎሚ ንጀምር።

ተፈጸመ!

**ምንጪ፡** Short stories for children

**ትርጉም፡ ዳናይት ሃብቱ**

## ሓበሬታ ንተወዳደርቲ ስእሊ

ኣብ ውድድር ስእሊ ተሳቲፍኩም ዘለኹም ተመሃሮ፡ መዕጸዊ መደብ ንቐዳም 07-02-2026 ክካየድ ስለ ዝኾነ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዕለትን ቦታን ክትርከቡ ንሕብር።

ቦታ፡ ኣዳራሽ ሃኮሰኤ (ኣስመራ፡ ባንክ ደም ከባቢ) ሰዓት፡ 2፡30 ድ.ቀትሪ

# ዕላል ምስ ሃብሮም



**ምስ ገዛእ ርእስኺ ኩተላልይና?**

ስመይ ሮዳና ኣብርሃም ይብሃል። ዕለት 29-09-2008 ካብ ኣቦይ ኣብርሃም ደርሶም፡ ኣደይ ሄሩት ፍስሃ ኣብ ኣስመራ-ካምፖ'ሎ ተወሊደ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ቤት ትምህርቲ ደንደን ተመሃሪት 11 ክፍሊ እየ።

**ኣብ ትምህርቲ ከመይ ዓይነት ተመሃሪት ኢኺ?**

ኣብ ትምህርተይ ካብቶም ንፉዓት ተመሃሮ እየ። ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ጀሚረ ክሳዕ ሕጂ ምስቶም ቀዳሞት ሰለስተ እናወጻእኩ እየ ተማሂረ። ወለደይ ድማ ኣብ ትምህርተይ ንኽነፍዕ ይሕግዙንን የተባብዑንን እዮም።

**ስእሊ (ቅብኣ) መኣስን ብኸመይን ኢኺ ጀሚርክዮ?**

ካብ ንእሽቶይ ኣትሒዘ እስእል ስለ ዝነበርኩ ኣብ ገዛ ብዙሕ እፍትን ነይረ። ወለደይ ዝንባለይ ርእዮም ጓል 12 ዓመት ምስ ኮንኩ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ሳትረብ ኣመዝጊቦምኒ። ኣርባዕተ ዓመት ድማ ክሳዕ ደረጃ 15 ብግቡእ ተማሂረ።



**ንስኺ እትስእልዮ ዓይነት ስእሊ ከመይ ዝበለ እዩ?**

ስእሊ ክትመሃር ከለኻ ኩሉ ዓይነት ስእሊ ኢኻ እትመሃር። ኣነ ዝያዳ ዝሰርሓሉ ጒርዲ ስእሊ (Portrait)፡ ናይ ቅርጺ መሬት፡ ከምኡ'ውን ሓቀኛ ስእሊ ምስኣል ደስ ይብለኒ። ብሓፈሻ ግና ኩሉ ዓይነት ስእሊ እስእል እየ።

**ክሳዕ ሕጂ ክንደይ ዝኣኽሉ ኣሳእል ስኢልኪ ኣለኪ?**



ክሳዕ ሕጂ ኣስታት 200 ዝኸውን ኣሳእል ስኢለ ኣለኹ። እዚ ድማ ካብ ደረጃ ሓደ ክሳዕ 15 ደረጃ እናተመሃርኩ ዝሰኣልክዎ እዩ። እዞም ኣሳእል ድማ ዓቕመይ ንምፍታሽ ሓጊዞምኒ እዮም። ቅድም ዝሰኣልክዎም ኣሳእል ክርእዮም ከለኹ ኣዝዩ ይገርመኒ እዩ። ለውጢ የምጽእ ከም ዘለኹ በዞም ኣሳእል ይርደኣኒ። ዝሰኣልክዎም ድማ ኩሎም ይዕቅቦም እየ።

**ምስ ትምህርትኺ ብኸመይ ተሳንይዮ?**



ኣብቲ መጀመርታ ስእሊ ስሒቡኒ ነይሩ። ዝበዝሐ ግዜይ ኣብ ስእሊ ኣሕልፎ ነይረ። ደሓር ግና ምስ ስድራይ ብምዝርራብ ብመደብ ክጉዓዝ ጀሚረ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝስእለሉ፡ ዘጽንዓሉ ግዜ መዲበ እኸይድ ኣለኹ። ፍቕሪ ስእሊ ሓያል ስለ ዝኾነ ካብ ትምህርትኻ የሰናኽለካ እዩ። ነዚ ፈሊጥካ ምጥንቓቕ የድሊ።

**ተመሃራይ ሰኣላይ ምኻኑ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?**



ሰኣላይ ምኻን ብዙሕ ረብሓ ኣለዎ። ምስ ሰባት ከም እትራኸብን ሓሳብ ከም እትለዋወጥን ይገብረካ። ኣተሓሳስባኻ ሰፊሕ ይኸውን። ሰኣላይ ተዓዛባይ እዩ። ንዝኾነ ብደቂቕ ኢኻ እትዕዘብ። ስእሊ ምስ ዓለም ዘራኽብ ስለ ዝኾነ ምስ ዝኾነ ኣብ ካልእ ሃገር ዝነብር ብቐሊሉ ክትረዳዳእ ትኽእል ኢኻ። ብሓፈሻ ስእሊ ረብሕኡ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ።

**ገለ ተመሃሮ ስእሊ ጀሚሮም ይገድፍዎ እዮም። ነዚኦም እንታይ ትብልዮም?**

መጀመርታ ስእሊ ኣብ ሓጺር ግዜ ዝምለኽ ኣይኮነን። ትዕግስቲ ይሓትት እዩ። ስለዚ፡ ከይተሓለሉ ክስእሉ ኣለዎም። ኣብ ክረምቲ ክመሃሩን ሓሳብ ንሓሳብ ክለዋወጡን ይግባእ። ኣብ ዝኾነ ውድድር ድማ ክሳተፉን ዓቕሞም ከዕብዩን እመኽሮም።

**ገለ ወለዲ ንደቆም ኣየተባብዑን እዮም። ነዞም ከምዚኦም ዓይነት ወለዲ እንታይ ትብልዮም?**

እወ። ገለ ወለዲ ኣተባባዕቲ ኣይኮኑን። ስእሊ ተውህቦ እዩ። ወለዲ ድማ ነዚ ኣብ ግምት ኣእትዮም ንደቆም ኩተባብዑ ኣለዎም። ስእሊ ብዘይ ናይ ወለዲ ምትብባዕ ዝኸውን ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ ወለዲ ንደቆም ኩተባብዑ እላቦ። ኣነ ሳላ ወለደይ ዘተባብዑኒ እየ ኣብዚ ደረጃ በጺሐ ዘለኹ።

**ካብ ናይ ሃገርና ሰኣልቲ ናትኪ ሞዴል መን እዩ?**

ካብ ናይ ሃገርና ሰኣልቲ ናተይ ሞዴል ብዙሓት እዮም። ሳማንዳሪ ዮሴፍ፡ ተስፋኣለም ኣተናው፡ ማቲዎስ፡ በርሀ፡ ሄርሞን፡ ቢንያም ትትኰእ እዮም። ናይዞም ዝጠቐስክዎም ኩሎም ኣሳእል ኣዝየ እየ ዝፈትዎ። ከምኣቶም ክኸውን ድማ እብህግ።

**እትፈትውያ ናትኪ ስእሊ?**

ብዙሓት እየን ደስ ዝብላኒ። ካብ ኩለን ሓንቲ ምረጺ እንተ ተባሂለ ግና ናይ ጭሩ ስእሊ ኣላ ኣዝየ ዝፈትዋ።

**ኣብ ስእሊ ናይ መጻኢ ሕልምኺ ከመይ ይመስል?**

ሕልመይ ካብ ሃገርና ሓሊፈ ኣብ ዓለምና ተወዳደርቲ ዝኾኑ ኣሳእል ምፍራይ እዩ።

**ኣብ ናይ ጋዜጣ፡ ዓምዲ ተርመማ ን326 ክፋል ዝኸደት ዛንታ መሰነይታ ስእሊ ኣዳሊኺ ነይርኪ ከመይ ረኺብክዮ።**

መጀመርታ ንዝተዋህበኒ ዕድል ኣመስግን። እቲ ስራሕ ምስ ተዋህበኒ መጀመርታ ፈሪሀ ነይረ። ከመይ ዓይነት እንተ ሰኣልኩ ይሓይሽ ብምባል ድማ ብዙሕ ሓሲበ፣ ኣብ መወዳእታ ግና ነቲ ጽሑፍ ዝመስል ስእሊ ኣብ ምድላው ተጸሚደ። ምሉእ ናጽነት ስለ ዝተዋህበኒ ድማ ቀሲነ ሰሪሐ። እዚ ድማ ንኣይ ዓቢ ትምህርቲ ኮይኑኒ ኣሎ።

**ኣብ መወዳእታ ኩተመስግኒ ዕድል ክንህበኪ?**

ወለደይ ኣብ ስእሊ ንኽኣቱ ዘበራትዑኒ፡ ንኣሕዋተይ፡ ንመምህራነይ ብሓፈሻ፡ ኣብ ናይ ስእሊ ጉዕዞይ ዝሓገዙኒ ኩሎም ብልቢ ኣመስግኖም።

**የቐንየልና! ሓሳብ ልብኺ የስምረልኪ!**

# ፍረ ጻዕሪ

ሚኒስትሪ ሕርሻ

ሕርሻን መግብን

# ዕላል ምስ ኣርካን ሞያተኛን ምኵርትን ክኢላ ምፍራይን ምርባሕን ደርሁ

## ኣልማዝ ገዛኢ

ራብዓይን መወዳእታን ክፋል



*ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ፍረ ጻዕሪ ኣብ ዝሓለፈ ሳልሳይ ክፋል፡ ምስ ኣልማዝ ገዛኢ ዝተኻየደ ቃለ መሕትት፡ ንጥዕና ደርሁ፡ ንደርሁ ዘጥቅዑ ሕምማትን ኣገባብ ምክልኻሎምን፡ ኣገዳስነት ጽሬትን ክታበትን፡ ኣደላልዋ መግቢ ደርሁ፡ እንቋቑሖ ውሽጡ ብሜ ዝኾነሉ ካብ ምንታይ ምኳኑ፡ መቐረትን ጣዕምን እንቋቑሖን ስጋን ኣብ ምንታይ ከም ዝውሰን ዝብሉ ነጥብታት ተላዒሎም ኔሮም። ኣብ ናይ ሎሚ ዕላል ድማ፡ ንምምሕያሽ ዘርኢ ደርሁ ብደረጃ ማእከል ምፍራይን ምርባሕን ደርሁ ቀሓውታ ዝዓመምዎ ስራሕ፡ ተመኩሮ ስራሕ ኣልማዝን ዝወሰደቶም ስልጠናታትን፡ ምስ መሳርሕታ ዘለዋ ርክብን ወዘተ ዝምልከት ራብዓይን መወዳእታን ክፋል ቀሪቡ ኣሎ።*

**• ዘርኢ ኣብ ምምሕያሽ ብወገንኩም ዝገበርኩሞ ጻዕሪ ክትገልጽልና**

ካብ 2013 ጀሚርና፡ ሻወር ብላክ፡ ሃርኮ፡ ብላንካ ዝበሃሉ ሰለስተ ዓሌት ነይሮምና። ኣብ ዓድና ውጹእ ጻዕዳ ደርሆ ፍቱው ኣይኮነን። ጸሊም እውን ብተመሳሳሊ። እዘን ብላንካ ጸዓዱ እየን። ንዕኡ ከነመሓይሽ ኢልና ካብ ኣርባዕተ ዓይነት ዘርኢ ዘዳቐልናየን ክሳዕ ታሽዓይ ወለዶ ኣብጺሕና ኣብ ከረን ከነዕብየን ጀሚርና ኔርና ኢና። ሃንደበታዊ ሕማም ስለዝመጸ'የን ጠፊአን።

ሕጂ'ውን እቲ ናይ ምድቓል መሰርሕ ክንቅጽሎ መደብ ሒዝና ኣሎና። ካብ ደገ እና'እተኻ፡ እናኸፈልካ ኣይከውንን'ዩ። እቲ ምስ ናይ ዓድና ናይ ምድቓል መስርሕ እንተ ሰሊጡና፡ እቲ ዝድለ ዘርኢ ክንሕዝ ክንክእል ኢና። ኣብ ታሽዓይ ወለዶ በጺሕና ኣብ ዝነበርናሉ እዋን፡ እተን ደርሁ ኣብ ሕብረን ይኹን ምንቋሐን ጽቡቕ ከይደን ነይረን'የን። ሕጂ'ውን ንሱ ስለ ዝሕሸናን ዘዋጽኣናን ክንሰርሓሉ ኢና።

**• ንሓረስታይከ ኣየናይ እዩ እቲ ዝሓሸ፧**

ከም ድላዩ ገይሩ ክኣልየን ስለዝኽእል፡ ዝተዳቐላ ክሕሽአ ይኽእላ'የን።

**• ስለዚ ባዕልና ጨቓዊት ክነፍሪ ንኽእል ምኳንና ኣረጋጊጽና ኣሎናዶ ክንብል ንኽእል?**

እቲ ተመኩሮ ኣጥሪናዮ ኣሎና። ብስራሕናን ክእለትናን ክንንየት እንተ



ኣልማዝ ገዛኢ

ዃንና ኸአ ገለ ነገር ክንፈጥር እንተ ኽኢልና ጥራይ'ዩ። ቁሩብ ደኣ ግዜ ንወስድ ንኸውን እምበር፡ ኣብ ራእዩናን መደብናንሲ ኣሎ።

**• ብዛዕባ ምእጓል እንቋቑሖ ገለ ክትብልና? ዝኣጎለን ዘይኣጎለንከ ብኸመይ ክነለልዮ ንኽእል?**

ብዛዕባ ዘርኢ ዘሎዎን ዘርኢ ዘይብሉን ኢና ንዛረብ ዘሎና። ዘርኢ ዘይብሉ ንነውሕ ዝበለ ግዜ ይጸንሕ'ዩ። እዚ ናይ ደገ ንኣብነት ክሳዕ ወርሒ ክጸንሕ ይኽእል'ዩ፡ ከይኣጎለ። ኵነታት ጥዕናኡ በቲ ንቡር ናብ ብርሃን ጌርካ ብዓይንኻ ትፈልጦ ኢኻ፤ እንተኣጉሉ ጸሊም የርእየካ፡ እንተዘይኣጉሉ ድማ ብርሃን የርእየካ።

**• ናባኺ ክንምለስ። ንሞያኺ ዘዕቢ ዝወሰድክዮ ስልጠናታት ክትገልጽልና።**

ቀድሚ ናጽነትን ድሕሪ ናጽነትን ዝወሰድክዎ ብዙሕ ሓጺር ሓጺር ኮርሳት ኣሎ። ኣብ 2000 ናብ ኣመሪካ ከይደ ናይ ሓደ ወርሒ ስልጠና ወሲደ ነይረ። ናብ ሃገራት ኣውሮጳን ካልእን ብምኻድ'ውን ሓያለ ሓጸርቲ ኮርሳትን ናይ ስራሕ ዑደትን ኣካዪደ'የ።

**• ኣብ ስራሕኪ ከመይ ሓጊዙኪ፧**

ኣዝዩ ይሕግዘካ'ዩ። ኣብ ባይታ ዘሎ ነገር ብኣካል ብዓይንኻ እናረኣኻ፡ ተሞኲሮ ክትለዋወጥ ምኽኣል ኣገዳሲ'ዩ። ዋላ ልክዕ ከምኡ ክትገብር ኣይትኽእል፡ ንዕኡ ዝመሳሰል ነገር ክትገብር ዘኽእል ዓቕሚ ተጥሪ ኢኻ። ራእዩኻ ከተዕቢ'ውን ሓጊዙ'ዩ። እዚ ኣብ ገዛና ዘመዝገብናዮ ገስጋስ'ውን ካብ ከምኡታት ዝተመኵርናዮ እዩ።

**• ጓለንስተይቲ ብምኳንኪ ኣብ ስራሕ ዝበድሃኪ ነገር ኣሎዶ፧**

ዝሓሰብክዎ እገብር'የ። ክገብሮ ኣሎኒ ኢለ ንርእሰይ እንተ ኣእሚነ እገብሮ'የ። ንኣብነት፡ እዚ ገዛናስ ብዙሕ ገልጠምጠም'ዩ ዘሎዎ። ምስ ኤለክትሪክ፡ ቡምባ ማይ፡ ኢንኵቤተር ወዘተ. ገልጠምጠም ክትብል ኢኻ ትውዕል። ኩሉ ተማሊኡ ስለ ዘይጸንሓኒ ብዙሕ ክብድሃካ ዝኽእል ነገራት ነይርዎ'ዩ። ይኹን'ምበር፡ እዚ ከቢዱናስ ካብ ስራሕ በኺርና ዝበልናሉ እዋን የለን። ከምኡ እንተ ዘይጌርካ ኸኣ ነቲ ስራሕ ኣይትወጾን ኢኻ። እቲ ስራሕ ኣዝዩ ዝተተሓሓዘን ዝተኣሳሰረን ስለዝኾነ፡ ጸገም ኣብ ዘጋጥመካ ክትጓየየሉ ኣሎካ።

**• ምስ ኣባላትኪ ዘሎኪ ናይ ስራሕ ውህደት ከመይ ትገልጽዮ፧**

ከይተወሃሃድካ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ። ናይ ሓደ ሰብ ሸለልትነት ዕንወት ከስዕብ ስለ ዝኽእል ግድን ተወሃሂድካ ኢኻ ትሰርሕ። ንሕና ከም ሓደ ስድራቤት ብምኳን ተወሃሂድና ኢና ንሰርሕ። እንሓንሳእ ዋላ ነቲ ኣብ ሞንጎ ስድራቤት ዝህሉ ውህደት ንሓልፎ ኢና እንተ በልኩኻ'ውን ኣየጋንንኩን። ኣብ ስራሕ ፍጹምነት ስለዘየለ፡ ክተማእዝን፡ ናብ ቅኑዕ ኣንፈት ክትመርሕ ሓላፍነትካ ስለዝኾነ፡ ስድራቤታዊ ምምኽኻር፡ ምምዕዓድ፡ ምግስሳጽ ክህሉ ግድን'ዩ። ስለዚ ብኣጠቓላሊ፡ ዝድነቕ ምቅርራብን ምውህሃድን ከም ዘሎና'የ ክገልጽ ዝደሊ። ሓደ ኣባል፡ 'ሰዓተይ ኣኺሉ' ኢሉ ግቡእ ምርኽኻብ ከይገበረ ጠንጢኑካ ዝኸይድ እንተኾይኑ፡ ኣብቲ ካልእ ዓይነት ስራሕ ምናልባት ክትጻወሮ ይከኣል ይኸውን'ዩ፡ ኣብ ናይ ደርሆ ግን ከቢድ'ዩ። ኩልኻ ብሓላፍነት ኢኻ ትሰርሕ። ዋላ ሓደ ዘይሓላፍነታዊ ክህልወካ የብሉን። ነዚ ኸኣ ክትሰርሓሉ ኣሎካ። ዋላ ዘጕራፍጥ እንተጋጠመ'ውን ቅልጥፍ ኢልካ ናብቲ ንቡር ስራሕካ ክትመልስ ኣሎካ። ሓድሕዳዊ ውህደትን ስኒትን ከተስፍን ወሳንን ግድነታውን ስለዝኾነ።

**• ናይ ስራሕ ግዜ ከመይ ተመሓድርዎ፧**

ስራሕና 24 ሰዓታት ዘየቋርጽ ስለ ዝኾነ፡ ብእብረ ኢና ንኣቱ። ነቲ መቓይርትኻ ግቡእ ሓበሬታ ሂብካ ከየረከብካ ምኻድ የለን። እቲ ስራሕ ኣዝዩ ዝተኣሳሰረ ስለዝኾነ፡ ዝወዓልካዮ ወይ ዝሓደርካዮ ክግቡእ ክትነግር ኣሎካ።

**• ብወገንኪ ዝሃብክዮ ስልጠናታት እንተልዩ ክትገልጽልና።**

ብወግዓውን ዘይወግዓውን ብዙሕ ስልጠናታት ሂበ'የ። እቲ ኣብ ስራሕና ረኺብናዮ ዘሎና ዓወታት'ውን ውጽኢት ናቱ ምኳኑ'የ ዝኣምን። ብሕልፊ ሓድሽ ሰብ ክምደበልና እንከሎ፡ ከተማእዝኖ፡ ክትሕብሮ፡ ክተለማምዶ ግድነት'ዩ። ኣብ ስራሕና እዚ ኣብ ቦታ ስራሕ ማለት "on job training" ዝበሃል ስልጠና ብግቡእ ኢና ንሰርሓሉ። ኣብዚ ጉዳይ ብፍሉይ ክገልጾ ዝደሊ፡ ብጠለብ ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ፡ በብሸዱሽተ ወርሒ ከፋፊለ ኣርባዕተ ግዜ ብድምር ናይ ክልተ ዓመታት ስልጠና መፍረ ደርሁ ንዓይነ-ስዉራን ሂበ። ኣብ 1990ታት ድማ ንኣስታት ሓደ ሽሕ ዝኾኑ ተመሃሮ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ስልጠና ሂበ ነይረ። ንሓረስቶትን ንተመሃሮ ኻልኣይ ደረጃን ዝህቦ ሓጸርቲ ስልጠናታት፡ ኣስተምህሮታት ድማ ቀጻሊ'ዩ።

**• ኣብ መወዳእታ እንታይ ክትብሊ ትደልዩ**

ኩልና ኣብ ዘዝተመደብናዮ ቦታ ስራሕ፡ ነቲ ስራሕ መሲልና ክንከይድ ክንጽዕር ይግባእ። ዋላ ብቐለም ንመሃሮ፡ ነቲ ሞያ ክንመስሎን ክንመልኮን እንተ'ዄንና ትሕትናን ጻዕርን ከድልየና እዩ። ከይተመቕለልካን ከይጸዓርካን ዝርከብ ሞያን ተመኵሮን የለን። ጾታና ብዘየገድስ፡ ኣብ ዘዘለናዮ ንሞያና መሲልናዮ፡ ተቐቢልናዮ፡ ብትግሃትን ተወፋይነትን እንተሰሪሕናሉ፡ ዘይንኽእሎ ነገር ኣይክህሉን'ዩ።

የቐንየልና ኣርካን ሞያተኛን ምኵርቲ ክኢላን መፍረ ደርሁ ኣልማዝ ገዛኢ!

***

ምንጪ፦ መጽሔት ፍረ ጻዕሪ
ቍ. ሕታም 06






**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/08371501- ቁ.ሳ.ፖ 1048 (ለይ-ኣውት- ፋጥማ እስማዒል/ ሶፍያ ፍቓዱ)

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## መንሽሮ ክሳድ ማህጸን

<u>ሚርያም የሴፍ</u>

መንሽሮ ክሳድ ማህጸን፡ ሓደ ካብ'ቶም ብዓለም ደረጃ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝረኣዩ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መንሽሮ እዩ። ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ዝዘበሮ መጽናዕቲ፡ ኣብ 2022 ጥራይ፡ ብዓለም ደረጃ ኣስታት 600,000 ደቂ ኣንስትዮ በዚ ሕማም እዚ ከም ዝተለኽፉ እዩ ዝሕብር። ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት፡ ካብ'ተን ብመንሽሮ ክሳድ ማህጸን ተጠቒዐን ዝሞታ ደቂ ኣንስትዮ፡ እተን 94% ዜጋታት ኣብ ምምዕባል ናይ ዝርከባ ሃገራት ምዃነን ይሕብር። ገለ ካብ'ተን ዝለዓለ መጠን ሞት ዝርኣያሉ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኤሲያ፡ ላቲን ኣመሪካን ኮይነን፡ ካብ'ተን 20 ብመንሽሮ ክሳድ ማህጸን ኣዝየን ዝተሃሰያ ሃገራት፡ እተን 19 ኣብ ኣፍሪቃ እየን ዝርከባ። እዚ ኣብ ዝተፈለለየ ሃገራት ዘሎ ናይ መልከፍትን ሞትን ተርእዮ ኣብ ንቕሓት ህዝቢ፡ ዝርግሐ ክታብት፡ ግቡእ መርመራታት፡ ብሓፈሻ ድማ ብደረጃ ዓለም ኣብ ዘሎ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ከምኡ'ውን ኣብ ማሕበራውን ቁጠባውን መዳያት ዘሎ ዘይምዕሩይነት ዘንጸባርቕ እዩ።

መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ኣብ ማህጸን ወይ ኣብ መናድቕ ማህጸን ዝምዕብል ዓይነት መንሽሮ እዩ። እዚ ብሰንኪ ዘይንቡር ዕብየት ዋህዮታት ዝጋጥም ተርእዮ ኮይኑ፡ ናብ ካልእ ክፋላት ኣካላትና ናይ ምዝርጋሕ ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ።

መንሽሮ ክሳድ ማህጸን፡ ብሁማን ፓፒሎማ ቫይረስ (human papil-loma virus'HPV) ዝፍለጥ ቫይረስ ዝመሓላለፍ ኮይኑ፡ ዳርጋ 99% ጠንቂ ናይዚ ሕማም ድማ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ እዩ። ኩሉ በዚ ቫይረስ ዝስዕብ መልከፍትን ረኽሲታትን ግን ናብ ደረጃ መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ይምዕብል ማለት ኣይኮነን። ብሓፈሻ ልዕሊ 200 ብHPV ዝፍለጡ ዓይነታት ቫይረስ ክህልዉ ከለዉ፡ ካብዚኦም እቶም 12 ከቢድ መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ከስዕቡ ዝኽእሉ እዮም።

ዝበዝሐ ጠንቂ መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ዝሓልፍ ኮይኑ፡ ካብዚ ወጻኢ ብዝወሓደ ሚእታዊት ከም ጠንቂ ዝውሰዱ ረቛሒታት ድማ ኣለዉ። ሓደ ካብኡ ምትካኽ ሽጋራ እዩ። ሽጋራ ንኹሉ ሰብ ጎዳኢ ዝኾነ ወልፊ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ግን ዝበኣሰ ሳዕቤናት ኣለዎ።

ምትካኽ ሽጋራ፡ ኣብ ስርዓተ መፍረ ደቂ ኣንስትዮ ከቢድ ኣሉታዊ ሳዕቤን የኸትል። ኣብ ማህጸን ብዝፍጠር ረኽሲታት ድሒሩ ናብ መንሽሮ ማህጸን ናይ ምምዕባል ተኽእሎታት ድማ የዕቢ። ከም ካልእ ረቛሒ ክውሰድ ዝኽእል፡ ድኹም ስርዓተ ምክልኻል እዩ። ኣካላትና ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ናይ ምክልኻል ዓቕምና ተዳኺሙ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን ንዝተፈላለዩ ብHPV ዝኸሰቱ ረኽሲታት ቀሊዕ ክኸውን ይኽእል። ብተወሳኺ፡ መልከፍቲ HIV ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ ንሓደጋ መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ናይ ምቅላዕ ተኽእሎታት ኣለወን። ኣብ ዝተፈላለዩ እዋን ዝውሰዱ መድሃኒታት መከላኸሊ ጥንሲ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመ ማለት ቅድሚ 18 ዓመት ዝጅመር ጾታዊ ርክብ፡ ምስ ብዙሓት መጻምድቲ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም፡ ወዘተ'ውን ገለ ካብ'ቶም ጠንቂ መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ክኾኑ ዝኽእሉ ረቛሒታት እዮም።

መንሽሮ ክሳድ ማህጸን፡ ንነዊሕ እዋን ዝኾነ ኣካላዊ ምልክታት ዘየርኢ ብምዃኑ፡ ንነውሕ ዝበለ እዋን ከይተፈልጠ ኣብ ኣካላትና ናይ ምጽናሕ ባህርያት ኣለዎ። ኣብ ነዊሕ እዋን ምልክታት ከርኢ ኣብ ዝጅምረሉ እዋን ድማ፡ ኣብ መናድቕ ማህጸን ዘይንቡር ዋህዮታት ክረኣዩ ይጅምሩ። እዞም ዋህዮታት ብኣግኡ ምስ ዘይእለዩ ክዕብዩን ናብ ደረጃ መንሽሮ ክበጽሑን ይኽእሉ። እቲ ኣብ ኣካላትና ተሓቢኡ ዝጸንሕ መልከፍቲ ካብ 6-7 ዓመታት፡ ዝኾነ ምልክታት ከየርኣየ ናይ ምጽናሕ ተኽእሎ ድማ ኣለዎ።




ረኽሲታት ሁማን ፓፒሎማ ቫይረስ (HPV) ናብ ደረጃ መንሽሮ ኣብ ዝምዕበሉሉ ግዜ፡ ዝተፈላለዩ ቅድሚኡ ዘይተራእዩ ምልክታት ክረኣዩ ይጅምሩ። ገለ ካብኡ፡ ካብ ርሕሚ ዝወጽእ ሕማቕ ሽታን ደምን ዘለዎ ፈሳሲ፡ ቃንዛ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ፡ ቃንዛ ጎሎ፡ ወዘተ. ከም ፈለምቲ ምልክታት ኮይኖም ይረኣዩ።

ናብ ዝለዓለ ደረጃታት ኣብ ዝቕጽለሉ እዋን ድማ፡ ከም ቃንዛ ዘለዎን ደም ዝተሓወሶን ሽንቲ፡ ተምላሲ፡ ድኻም ኣካላት፡ ምንካይ ሸውሃትን ክብደት ኣካላትን፡ ቃንዛ ሕቖ፡ ሕበጥ እግሪ፡ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ምልክታት ክንዕዘብ ንኽእል። ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይንቡር ፈሳሲን ምልክታትን ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ድማ፡ ብቕልጡፍ ሕክምናዊ ሓገዝ ክርከብ ኣገዳሲ ይኸውን።

መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ኣርባዕተ ደረጃታት ኣለዎ። ኣብ ውሽጢ ነፍሲ ወከፍ ደረጃ ድማ ንምዕባሌታት ናይቲ መድረኽ ዝገልጹ ዝተፈላለዩ ንኡሳን ደረጃታት ክህልዉ ይኽእሉ። ኣብ ቀዳማይ ደረጃ፡ መልከፍቲ HPV ኣብ ክሳድ ማህጸን ጥራይ ዝተደረተ እዩ። እዚ ማለት፡ ረኽሲታት ናብ ዝዓሞቐ ክፋላት ናይቲ ማህጸን ኣብ ዘይተዘርግሓሉ ደረጃ እዩ። ኣብዚ መድረኽ እዚ፡ ዝኾነ ኣብ ኣካላትና ዝርአ ምልክታት ኣይህልዉን።

ኣብ ካልኣይ ደረጃ ምስ በጽሐ፡ መንሽሮ ካብ ክሳድ ናብ መናድቕ ማህጸን ናይ ምዝርጋሕ ባህርያት የርኢ። ክጽዮኡ ግን ናብ ታሕተዋይ ክፋል ርሕምን ካልእ ክፋላትን ኣይልሕምን።

ኣብ ሳልሳይ ደረጃ፡ ረኽሲታት HPV ካብ ታሕተዋይ ክፋል ርሕሚ ናብ መናድቕ ጎሎ፡ ናብ ሻምብቆታት ስርዓተ ሽንቲን ካልእን ክዝርጋሕ ይጅምር። ኣብ ራብዓይን ናይ መወዳእታን ደረጃ ድማ፡ ዋህዮታት መንሽሮ ናብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ኣካላትና ማለት ስርዓተ መፍረ፡ ስርዓተ ሽንቲ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ናብ ኣዕጽምትን ሰናቡእን ብቕልጡፍ ይዝርጋሕን ንንቡር ንጥፈታት ኣካላትና ድማ ብኣሉታ ክጸልዉ ይጅምሩ።

ነዚ ደረጃታት እዚ ብግቡእ ንምፍላጥን ኩነታትና ንምርዳእን ኣብ እዋኑ ካብ ክኢላታት ጥዕና ክርከብ ዝኽእል ሞያዊ ምኽሪ፡ መንሽሮ ክሳድ ማህጸንና ኣብ ዝኸበደ ደረጃታት ከይበጽሕ ናይ ምግታእ ልዑል ተራ ይጻወት።
ነዚ ሳዕቤናት እዚ ብምጉዳል ደቂ ኣንስትዮ ብስሩዕ መርመራታት ብምኽያድ ጥዕናአን ክከታተላ እምበኣር፡ ሓደ ካብቲ ኣብ ምግታእ መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ዝዓበየ ተራ ዝጻወት መፍትሒ እዩ።

ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፡ መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ቀስ ኢሉ ኣብ ነዊሕ ዓመታት ዝምዕብል እዩ። ቅድሚ ናብቲ መንሽሮ ዝበሃል ዝለዓለ ደረጃ ምብጻሑ ድማ፡ ኣብ ማህጸንና ዝርከቡ ዋህዮታት ኣብ ነዊሕ እዋን ብብዙሕ ለውጥታት ይሓልፉ። እቶም ኣብ ማህጸን ጓል ኣንስተይቲ ዝርከቡ ንቡር ቅርጽን መልክዕን ዘለዎም ዋህዮታት፡ ምስ ግዜ ዘይንቡር ቅርጺን ኣቃውማን ክህልዎም ይጅምር። ምስ ምንዋሕ ግዜ ድማ ናብ ዋህዮታት መንሽሮ ይቕየሩ።

እዚ ኣብ ማህጸን ዝርአ ዝተፈላለየ ለውጥታት፡ 'ፓፕ ስሚር' ብዝተባህለ መርመራ ክልለ ይኽእል። ዕላማ ናይዚ ስሩዕ መርመራታት ፓፕ ስሚር፡ ኣብ ማህጸንና ዝርአ ዝተፈላለየ ለውጥታት ቅድሚ ናብ ደረጃ መንሽሮ ምብጻሑ ንምፍላጥን ግቡእን ቅልጡፍን ሕክምናዊ ክንክን ንምርካብን እዩ። መርመራ ፓፕ ስሚር፡ ኣብ ዋህዮታት ማህጸን ንዝርአ ለውጥታት ብምድህሳስ፡ ምልክታትን ቅድመ መንሽሮን ካልእ ዘይንቡር ተርእዮታትን ክለሊ ይኽእል። ውጽኢት መርመራታት ፓፕ ስሚር ዘይንቡር ተርእዮታት ምስ ዝህልዎ፡ ተወሳኺ መርመራታት ምኽያድ የድሊ። ደረጃታት ናይቲ ሕማም ድሕሪ ምፍላጥ ድማ፡ ንደረጃኡ ዝምጥን ሕክምናዊ ክንክን ይግበር።

መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ኣብ ምክልኻል ዝዓበየ ተራ ካብ ዝጻወቱ መከላኸሊ ሜላታት ሓደ፡ ክታብት እዩ። ክታብት መንሽሮ ክሳድ ማህጸን፡ ሓደ ካብ'ቶም ውጽኢታውያን ዝኾኑ መከላኸሊ ሜላታት ኮይኑ፡ ብሁማን ፓፒሎማ ቫይረስ (HPV) ንዝስዕቡ ብዙሓት ዓይነት መንሽሮታት ማህጸን ኣብ ምክልኻል ዝዓበየ ተራ ኣለዎ።

ክታብት መንሽሮ ክሳድ ማህጸን፡ ካብ 9 ክሳብ 25/26 ዓመት ንዝዘበራ ደቂ ኣንስትዮ ይወሃብ፡ ክታብት ኣብዚ ዕድመ ዝወሃበሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ቅድሚ ዝኾነ መልከፍቲ ወይ ረኽሲታት ክወሃብ ከሎ፡ ዝያዳ ውጺታዊ ስለ ዝኩብሮ እዩ። ኣብ ዝበዝሓ ክታብት መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ዝህባ ሃገራት፡ እቲ ክታብት ኣብ'ተን ካብ 9 ክሳብ 14 ዓመት ዝዕድመአን ደቂ ኣንስትዮ ዝተኮረ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ 4 ዓመታት፡ 143 ሃገራት ሙብዝሕትኡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝተኮረ ሰፊሕ መደብት ክታብት ከም ዘካየዳ እዮም ጸብጻብት ውድብ ጥዕና ዓለም ዝገልጹ። ሳዕቤናት መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ሓደገኛ ከም ምኳኑ መጠን፡ ደቂ ኣንስትዮ ስሩዕ ዝኾነ መርመራታት ኮካይዳ እዮም ክኢላታት ጥዕና ዝሕብሩ።

ኣብ ሃገርና'ውን ነዚ ከቢድ ሳዕቤናት ናይዚ ሕማም ንምግታእ፡ ኣብ 2022-2023 ብሃገር ደረጃ ሰፊሕ ሽፈነ ዝዘበሮ ክታብት መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ንኣብ ክሊ ዕድመ 9-14 ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝተዋህበ ዝዝከር እዩ። እዚ ኣገዳሲ ናይ ምክልኻል ሜላ ኮይኑ፡ ብተወሳኺ'ውን ስሩዕ መርመራታት ብምኽያድ ኩነታት ጥዕናና ክንፍትሽ ኣገዳሲ እዩ። ብተወሳኺ፡ ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ድማ ኣብ ንኡስ ዕድመ ዝርከባ መንእሰያት፡ ካብ ፍኑው ጾታዊ ርክብን ናብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ከቃልዑ ካብ ዝኽእሉ ወልፍታትን ክቑጠባ ይግባእ።

## ቑሩብ ብዛዕባ "እኖኣዊ ባህሊ ብሄረ ኩናማ"

ኣብ ናይ ዝሓለፈ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ሕታም መበል 35 ቁጽሪ 113 ኣብዚ ዓምዲ'ዚ፡ "እኖኣዊ ባህሊ ብሄረ ኩናማ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ዝተጻሕፈ ዓንቀጽ ኣንቢበዮ። እቲ ጽሑፍ ምስ ሓደ ካብ ብሄራትና ዘላሊ ብምኳኑ ጽቡቕ ኮይኑ፡ ጽምብል "ኣንዲና" ኣብ ዝብል ግን ክእረም ዘለዎ ነጥብታት ዘሎ ኮይኑ እስመዓኒ።

ኣብቲ ጽሑፍ፡ "ክሳብ ብሸምንተ ደረጃ ዝመርሓ 'ኣንዲንና' ዝበሃላ ደቀንስትዮ ኣለዋ" ዝብል፡ "ኣንዲንና" ኣብ ሕ/ሰብ ኩናማ ሸም ወይ መራሕነት ደቂ ኣንስትዮ ዘይኮነ፡ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ንፍሉያት ደቂ ኣንስትዮ ዝዋበረለን ስርዓት እዩ። እተን ነዚ ስርዓት ዝዋበረለን ደቂ ኣንስትዮ ድማ ፈላጣት ባህላዊ ሕክምና ተባሂለን ዝእመናለን እየን። ከምቲ ኣብቲ ጽሑፍ ዘሎ፡ መራሒቲ ወይ ሸመት ዝተዋህባ ናይቲ ሕብረተሰብ ከም ዘይኮና ንኣንብቢ ክሕብር እደሊ።

ካልእ፡ ኣብ'ቲ ስርዓት መውሰቦ ብሄረ ኩናማ፡ "እንዳ ጓል ናብ እንዳ ወዲ ዘይኮኑ ዝኸዱ፡ እንዳ ወዲ ናብ እንዳ ጓል ከይዶም ጓል ከም ዝሓቱ፡ ኣደ ድማ ምስ ጓላን ብዓል ቤታን ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ኣኮታታ እውን ብግቡእ ተሓቲቶምን መኽሪዮምን እዮም ነቲ መውሰቦ ዝቕበልዎ።

ሳንቲና ደበሳይ
ደምሒ. ሓፋሽ ኤርትራ

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቁልዑ |
| 09:45 | ፓናሮማ |
| 10:20 | ጨፈራ ጥዕና |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ዶክመንት - ሓቅን ጽወጹዋይን ፊትንፊት2ይ ክፋል |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሰኣብመስመር (ቀጥታ) |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:50 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረትቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዙር ኣልዑላ . . .

173.4 ከሎሜትር ዝሸፈነት ራብዐይቲ መድረኽ ዙር ኣልዑላ፡ ብዓወት ተቐዳዳማይ ክለብ ኣስታና - ማዝዮ ማሉቸሊ ተዛዚማ።

ማሉቸሊ፡ ንቀዳሞት ክልተ መድረኻት ንዝተዓወተለን ጆናታን ሚላን ብሸኢ ረቲዑ እዩ ቀዳማይ ኣትዩ።



ሄኖክ፡ ከቢብ ምልክት ተገይሩሉ ዘሎ

ኣብ ሳልሰይቲ መድረኽ ራብዓይ ኣትዩ ዝነበረ ወዲ ጋንታኡ ንማሉቸሊ ዝኾነ ሄኖክ ምሉእብርሃኑ ምስዚ ብ3 ሰዓት፡ 30 ደቓይቕን 43 ካልኢትን ሕንጻጽ ዝረገጸት ጉጅለ ግዜ ከይሰኣረ ኣትዩ፡ መበል 23 ደረጃ ሒዙ። ሻምፕዮን ኤርትራ 2025 ዝኾነ ኣባል ቲም ዩ.ከይ.ዋይ.ኦ (UKYO) - ናህም ዘርኣይ፡ 14 ካልኢት ድሒሩ መበል 61 ኣትዩ።

ሄኖክ፡ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር፡ ካብ መራሒ ያሲስ ቦርድ፡ 16 ካልኢት ጥራይ ድሒሩ፡ ታሽዓይ ተሰሪዑ ኣሎ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ቀዳም፡ ሓሙሻይቲ መድረኽ ብምስልሳል ክዛዘም እዩ። ጽቡቕ ዕድል ንሄኖክን ናህምን!

## ቅድድም ብሽክለታ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቀጺሉ

ቅድድም ብሽክለታ ተመሃሮ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ፡ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ብዝተቐድዎ ናይ በርኻ ውድድር ቀጺሉ።

እዋም ተቐዳደምቲ፡ ካብ ኣፉሰት ተበጊሶም ኣብ ወኪ ዝዛዘም ናይ 50 ከሎሜትር ውድድር ኣሰላሲሎም። ኣብ ከባቢ ሰዪዳቹ ቤት ገርግሽ ከምኡ'ውን ከባቢ ኣፍደዩ ኣብ ዝነበራ ናይ ዓቐብ ነጥቢ ብዝወሰኽዎ ነጥቢ ድማ፡ ሚካኤል መሲ ካብ ደንደን ብ18 ነጥቢ ይመርሕ ኣሎ። ተመሃሮ ሓለይ - ናሆር እሲያስ መድሃኔ ምሉእብርሃን ብ12ን 10ን ነጥቢ ይስዕብዎ።



ሚካኤል መሲ፡ ብቅጽበታዊ ውድድር'ውን ኣብ ጸወታ ብምሳዓር ቀዳማይ ኣትዩ፡ ተማስገን ኣቶብርሃን - ሰምበል፡ ሳይሞን ማቲዎስ - ጸዕዳ ክርስትያን፡ ሄብሮን ሃብተኣብ - ቀይሕ ባሕሪ፡ የዲድያ ኣማንኤል - ደንደን፡ ኣዶናይ ዳኒኤል - ሰምበል፡ መሲ ኣብርሃም - ቀይሕ ባሕሪ፡ ማርዳካይ ብርሃ - ባርካ፡ ኤልያስ ግርማይ - ጸዕዳ ክርስትያን፡ ሲም መሲ - ሓለይ ካብ ካልኣይ ክሳብ 10ይ ኣትዮም።

ተቐዳዳማይ ሚካኤል መሲ፡ ካብ ምጅማር ክሳብ ምዝዛም ዘርኣዮ ብቕዓት፡ ኣገዳሲ ሰሓቢ ነይሩ።

እዚ ውድድር፡ ጽባሕ ሰንበት ኣብ ከባቢ እንዳ ማርያም፡ ካብ ሰዓት 8:00 ቅድሚ ቀትሪ ጀሚሩ ብዝቐደድ ናይ ቸርኪቶ ጸወታ ክዛዘም እዩ። በዚ መሰረት፡ ካልኣይ ደረጃ ደቂ ኣንስትዮ 30 ከሎ ሜትር፡ ማእከላይ ደረጃ ናይ ሕውስዋስ ምቕባል ከምኡ'ውን ዕድመ 17ን ልዕሊኡን ደቂ ተባዕትዮ 70 ከሎ ሜትር ተሰሪዑሎም ምህላው፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ናይዚ ዞባ ሓቢሩ።

## ሻምፕዮን ክለባት ደቂ ኣንስትዮ ቀጺሉ

ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ትማሊ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ክልተ ግጥሚት ኣካይዱ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ጉዳይፍ፡ ካብ ኣቢጋይል ኣሌክሳንደርን ምስጋና ወልዳይን ብዘረኸበተን ሸቶታት፡ ንዞባ ጋሽ ባርካ 2-0 ረቲዓታ። ኣቢጋይል፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይታ ጸወታ ተሰምያ።

ሰምበል'ውን ብተመሳሳሊ ንዞባ ዓንሰባ 2-0 ሰዒራታ። ተጻዋቲት ዓንሰባ ቀሳት ሃይለ ናብ ገዛእ ልዳታ፡ ተጻዋቲት ሰምበል ሪም ፍጹም ከኣ ኑታ ካልኣይቲ ሸቶ ኣመዝጊባታ። ሪም፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት'ውን ተጸዊዓ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ኢንሹራንስን ደንደንን ብዘሰላስልኦ ጸወታ ክቕጽል እዩ።

## ውድድር ገዳይም ጋንታታት ሎሚ ክዛዘም እዩ

ኣብ መንጎ ሸዱሽተ ጋንታታት ገዳይም ተጻወትቲ ደቂ ተባዕትዮ ኩዕሶ እግሪ ክካየድ ዝቐየየ ውድድር፡ ሎሚ ቀዳም ኣብ ካምቦ ቺቸሮ ካብ ሰዓት 2:00 ድሕሪ ቀትሪ ጀሚሩ ብዝካየድ ግጥሚት ክዛዘም'ዩ።

"ሲታሬ ገዳይም ገዳይም ስፖርታውያን ንምዕባለ ስፖርት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ክካየድ ዝቐየየ እዚ ውድድር፡ ማሕበር ምትእኽኻብ ገዳይም ስፖርታውያን ኤርትራን ድያስፖራን ዘራኸበ ናይ ምሕዝነት ውድድር እዩ። መዛዘሚ ናይዚ ክሳላሰል ዝቐየየ ጸወታታት ከኣ ሎሚ ቺፖሊኒን ኣዱሊስን ንደረጃ፡ ሚሎቲን ኣልታሕሪርን ንዋንጫ ክጻወታ ምዃነን ኮሚቴ ናይቲ ውድድር ገሊጹ።

## ደሃይ ሊግ ዞባ ማእከል

### ኩባንያ ህንጻ ሰገን ፈላሚ ዓወት ኣመዝጊባ

ሊግ ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሓሙስ 29 ጥሪ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ምቕጻሉ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

ቀዲመን ዝተጻወታን ናብ ዕረፍቲ 0-0 ዝወጻን ማይ ተመናይን ኣዱሊስን፡ ኣዱሊስ 2-0 ተዓዊታ። ሸቶታት ናይዛ ጋንታ፡ ሬያን ስዑድ ብጸወታ፡ ቢንያም ግርማይ ብፍጹም ቅላዕ ኣመዝጊቦመን። ኣዱሊስ፡ ካብ ሸዱሽተ ግጥሚት 11 ነጥቢ ኣዋህሊላ ድሕሪኣ መራሒት ዘላ ቀይሕ ባሕሪ ተሰሪዓ ኣላ። ሬያን ስዑድ፡ ናይታ ጸወታ ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

ቀጺለን ብሓደ ምምሕዳር ዝቐዳ ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ኩባንያ ዕንጸይቲን ሓጺንን ሰምበልን ገጢመን። ኩባንያ ሰገን ድማ፡ ኣብ መበል 12 ደቒቕ ብመገዲ ዘመን ኣምባኣጆር ብዘረኸበቶ ሸቶ 1-0 ሰዒራ። ኣብ ሓሙሻይ ጸወታኣ ፋልማይ ዓወታ ኣመዝጊባ። ናይታ ጸወታ ብሉጽ ተጻዋታይ ከኣ ኣባላ ስምኦን የውሃንስ ተጸዊዑ።



ተጻዋታይ ኩባንያ ሰገን - ስምኦን የውሃንስ

እዚ ውድድር፡ ጽባሕ ሰንበት ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ምስ ደንደን፡ ከምኡ'ውን ዓበይቲ ጋንታታት - ኣስመራ በራ ምስ ኣልታሕሪር ዘካይድኦ ጸወታታት ሰሪዑ ኣሎ።

## ሊግ ዓንሰባ ይቕጽል

### ኣልነስርን ዓንሰባን ክይተሳዕራ ይምርሻ

ሊግ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ዓንሰባ፡ ብረቡዕን ሓሙስን ኣብ ስታድዮም ከረን ኣርባዕተ ግጥሚት ኣሰላሲሉ ነይሩ።

ብረቡዕ እታ ብቕዓታ ኣመሓይሻ ትርከብ ሳላ ብተደጋጋሚ ነጥቢ እናኸሰረት ካብ መወዳድርታ ትርሕቕ ዘላ ኣልሂላልን ተጻዊተን። ሳላ፡ ቅልጡፍቲ ፍጹም ቅላዕ ረኺባ፡ ብመገዲ ሓሊቓኣ ደጀን መሓሪ ሸቶ ኣመዝጊባ ናብ ዕረፍቲ 1-0 መሪሓ ወጺኣ።

ድሕሪ ዕረፍቲ'ውን ብመገዲ ተማስገን መለስ ሸቶ ወሲኻ ወጽኢት ናብ 2-0 ኣግፊሓቶ። ኣልሂላል፡ ካብ ዳኒኤል መልኣከ ሸቶ ረኺባ ወጽኢት እኳ ኣጸቢባ እንተነበረት፡ ግዜ ብምእካሉ ግን፡ ሳላ 2-1 ተዓዊታ። ተማስገን መለስ ካብ ሳላ ብሉጽ ናይ'ታ ጸወታ ተባሂሉ።

ሰዓብ'ውን እታ ብዚይ ዓወት ትምርሽ ዘላ ሕውትትን ኣብ ድሓን ኩነታት ዘላ ኣልሳሕልን ተራኺበን። ካብ ኣስመሮም ኣብርሃ ቅልጡፍ ሸቶ ረኺባ መሪሕነት ዝሓዘት ኣልሳሕል፡ ድሕሪ ሰለስተ ደቓይቕ ግን፡ ኣባላ ብዘሪጸሞ በደል ብዝተረኸበት ፍጹም ቅላዕ ሸቶ ተመዝጊቡዋ፣ ተመዓራርየን ከኣ ናብ ዕረፍቲ ወጺኣን። ካልኣይ እብረ ግን፡ ኣልሳሕል ካብ መሓመድ ሓሚድን ዛኪ ኣሕመድን ሸቶታት ረኺባ 3-1 ተዓዊታ። መሓመድ ሓሚድ፡ ብሉጽ ናይታ ጸወታ ተሰምዩ።

ብሓሙስ ዛጊት ስዕረት ዘይቀመሰት ኣልነስርን ጋሽን ተራኺበን። ኣልነስር ከኣ ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ሄኖስ ተስፋሚካኤልን



ሓብቶ መሓመድን ካብ ዕረፍቲ ምስ ተመልሰ ድማ ካብ የናስ ሃይለን ዓወድ ዳውድን ከምኡ'ውን ሓንቲ ብጌጋ ናብ ልዳት መጋጥምታ ዝተመዝገበት ሸቶታትን ብጠፈሕ 5-0 ተዓዊታ፣ ድሕሪኣ ንዝተጻወተት ዓንሰባ መሪሕነት መንጢላ ቀዳመይቲ ተሰሪዓ ነይራ። የናስ ሃይለ፡ ብሉጽ ናይ'ቲ ጸወታ ተባሂሉ።

ብዘይካዚ፡ ብጽቡቕ ቁመናን ዓወትን ትሰጉም ዘላ ዓንሰባ ምስታ ሓንሳእ ነጥቢ ዝኸሰረት ደንደን ተራኺበን። ዓንሰባ፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ምስ ብሉጽ ምንቅስቓስ ብመገዲ ኖብ ሰለሙን ዝተመዝገበት ሸቶ ከኣ 1-0 ተዓዊታ። ብኣልነስር ንስዕረታት ተመንጢላቶ ዝነበረ መሪሕነታ ድማ መሊሳ። ኖብ፡ ናይታ ጸወታ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ተረቝሒ።

ሊግ ዓንሰባ፡ ሎሚ ቀዳምን ጽባሕ ሰንበትን ክቕጽል ምዃኑ፡ ፌደረሽን ናይቲ ዞባ ኣፍሊጡ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ፕሪመር ሊግ መበል 24 ሰሙን
ሊደስ - ኣርሰናል 6:00 ድ.ቀ
ዎልቨስ - ቦርንማውዝ 6:00 ድ.ቀ
ብራይተን - ኤቨርተን 6:00 ድ.ቀ
ቸልሲ - ዌስትሃም 8:30 ድ.ቀ
ሊቨርፑል - ኒውካስል 11:00 ድ.ቀ
ላ'ሊጋ መበል 22 ሰሙን
ኣልቸ - ባርሰሎና 11:00 ድ.ቀ

## ግምታት ስቶንን ኮምፕዩተርን (AI) ኣብ መበል 24 ሰሙን ፕሪመር ሊግ

| | |
|---|---|
| ሊደስ - ኣርሰናል | ብራይተን - ኤቨርተን |
| ስቶን፡ 0 - 1 | 1 - 1 |
| ኮምፕዩተር፡ 0 - 2 | 2 - 1 |
| ዎልቨስ - ቦርንማውዝ | ቸልሲ - ዌስት ሃም |
| ስቶን፡ 1 - 1 | 2 - 1 |
| ኮምፕዩተር፡ 1 - 1 | 2 - 0 |
| ሊቨርፑል - ኒውካስል | ኣስቶን ቪላ - ብሬንትፎርድ |
| ስቶን፡ 2 - 1 | 2 - 0 |
| ኮምፕዩተር፡ 3 - 1 | 2 - 1 |
| ማን ዩናይትድ - ፉልሃም | ኖቲንግሃም - ክሪስታል ፓላስ |
| ስቶን፡ 2 - 1 | 1 - 0 |
| ኮምፕዩተር፡ 2 - 0 | 1 - 1 |
| ቶተንሃም - ማን ሲቲ | ሳንደርላንድ - በርንለይ |
| ስቶን፡ 0 - 2 | 1 - 0 |
| ኮምፕዩተር፡ 1 - 3 | 1 - 1 |

## ዕጫ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ሻምፕዮንስ ሊግ ወዲቑ

ዕጫ ናይተን ኣብ ናይ ምድላብ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ካብ ታሽዓይ ክሳብ መበል 24 ዝወጻ ጋንታታት፡ ትማሊ ወዲቑ።

እዚ ዕጫ፡ ታሽዐይቲ ዝወጸት ምስተን መበል 23 ወይ 24 ዝወጻ ናይ ምብጻሕ ዕድል፡ ከምኡ'ውን ሻመንይቲ ካብተን 21ን 22ን ዝወጻ . . . ከምኡ እናበለ እዩ ወዲቑ።

በዚ መሰረት፡ ሪያል ማድሪድን በንፊካን፡ ሞናኮን ፒኤስጂን፡ ጋላታሳራይን ጁቬንቱስን፡ ቦሩሽያ ዶርትሞንድ ኣታላንታን፡ ጋራባግን ኒውካስልን፡ ክሉብ ብሩጋን ኣትሌቲኮ ማድሪድን፡ ቦዶን ኢንተርሚላንን፡ ኦሎምፒያኮስን ባየር ለቨርኩሰንን በጺሖወን ኣለዉ።

እዚ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ (Play-off) ናይ ክልተ እግሪ ጸወታታት እዩ። ቀዳማይ እግሪ 17ን 18 ለካቲት፡ ካልኣይ እብረ ከኣ 24ን 25ን ለካቲት ክሳላሰል እዩ።

ሪያል ማድሪድ፡ ናብ ሻመንይቲን መዛዘሚትን መድረኽ፡ ሳልሳይ ደረጃ (ብቐጥታ ናብ ዙር 16 ዘሕልፍ እዩ ነይሩ) ሒዛ ምስ በንፊካ ምግጣማ ይዝከር። በንፊካ 4-2 ብምስዓራ ግን፡ ናብ ታሽዓይ ደረጃ ወሪዳ ናብዚ ተወሳኺን ኣህጓኺን ጸወታታት ክትምርሕ ተቓሲባ ኣላ። ምስታ ዝሰዓረታን መበል 24 ዝወደኣትን በንፊካ ድማ በጺሓዋ ኣላ። ናይ ቅድም ዓሰልጣኒ ሪያል ማድሪድ - ሆዘ ሞሪኖ፡ ንበንፊካ ይዕልማ ምህላዉ ይፍለጥ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ትራምፕ፡ ነዳዲ ናብ ኩባ ንዝልእካ ሃገራት ኣጠንቂቑ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ናብ ኩባ ብቐጥታ ይኹን ብዘዘዋዋሪ መንገዲ ነዳዲ ዝልእካ ሃገራት ንጉዳዊ ቀረጽ ክትግበር ዝጠልብ ሓዲሽ ተፈጻሚ ትእዛዝ ከም ዝኸተመ ተሓቢሩ።

እዚ ሓዲሽ ስጉምቲ፡ ኣብ ልዕሊ ሃቫና ጸቕጢ ንምፍጣር ዝዓለመ ምኳኑ እየም ተዓዘብቲ ዝገልጹ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ሰሙናት፡ ንእንታይነት ናይቲ ዝበጽሖ ስምምዕ ይኹን ሳዕቤናቱ ከይዘርዝረ፡ ኩባ ከይተደናጎየት ምስ ኣመሪካ ኣብ ስምምዕ ክትበጽሕ ዝሓሸ ምኳኑ እዩ ክገልጽ ተሰሚዑ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ንጽኣት ነዳዲ ቬንዙዌላ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ድሕሪ ምእታዉ፡ ካብ ቬንዙዌላ ናብ ኩባ ክለኣኽ ንዝጸንሐ ነዳዲ ደው ከም ዘበሎ ምሕባሩ ዝዝከር እዩ።



ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኩባ ብሩኖ ሮድሪገዝ ብወገኑ፡ ንሓዲሽ ውሳነ ፕረዚደንት ትራምፕ ብምቅዋም፡ እቲ ተኸቲሞ ዘሎ ሓዲሽ ትእዛዝ፡ ንሃገሩ ከም ሓደገኛ ንምምሳል ብዘቐመ እኩብ ሓሶታት ዝተደገፈ ምኳኑ ኣመልኪቱ።

ሜክሲኮን ቬንዙዌላን እተን ንኩባ ነዳዲ ዘቕርባ ቀዳሞት ሃገራት ምኳነን ጸብጻባት የመልክቱ።

ኩባ ካብ ቬንዙዌላ ክትረኽቦ ዝጸንሐት ቀረብ ነዳዲ፡ ኣመሪካ ንፕረዚደንት ቬንዙዌላ ነበር ኒኮላስ ማዱሮ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ድሕሪ ምእታዋ ምሉእ ብምሉእ ክቋረጽ እንከሎ፡ ሜክሲኮ ከኣ ኑቲ ናብ ኩባ ክትልእኮ ዝጸንሐት ነዳዲ ብሰንኪ ዋሺንግተን ኣብ ልዕሊኣ ዝፈጠረቶ ጸቕጢ ንግዚኡ ኣቋሪጻቶ ከም ዘላ እየም ምንጭታት ዝሕብሩ።

ብመሰረት መጽሔት 'ዘ ፋይናንሻል ታይምስ'፡ ክሳብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ሜክሲኮ ንኣስታት 44 ሚእታዊት፡ ቬንዙዌላ ከኣ ን33 ሚእታዊት ካብቲ ናብ ኩባ ዝለኣኽ ነዳዲ ክሽፍና ጸኒሐን እየን።

ብዘወሳኺ፡ ፈደረሽን ሩስያን ኣልጀርያን እውን ገለ ካብ'ተን ናብ ኩባ ነዳዲ ዝልእካ ሃገራት ምኳነን ይሕበር።

## ክሊ ኣየር ቬንዙዌላ ዳግማይ ይኽፈት



ቤት ጽሕፈት ግዝያዊ ፕረዚደንት ቬንዙዌላ፡ ንግዳዊ ክሊ ኣየር ናይታ ሃገር ብቐጸበት ክኽፈት ምኳኑ ሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ ቤት ጽሕፈት፡ ምኽፋት ንግዳዊ ክሊ ኣየር ቬንዙዌላ፡ ድሕሪ እቲ ኣብ መንጎ ግዝያዊት ፕረዚደንት ደልሲ ሮድሪገዝን ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ዝተኻየደ ናይ ቴሌፎን ዝርርብ እዩ ተወሲኑ።

በዚ ከኣ፡ መንገዲ ኣየር ኣመሪካ፡ ናብ ቬንዙዌላ ዳግማይ በረራታት ንምጅማር ካብ መንግስቲ ኣመሪካ ፍቓድ ይጽበ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

## "ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን ስጉምቲ ክትወስድ ተዳልያ" ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል

ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ፒት ሄግሰት፡ ብመሰረት ትእዛዝ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን መጥቃዕቲ ንምክያድ ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ከም ዝርከብ ሓቢሩ።

ሄግሰት ኣብ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ኣብ ዘቕረቦ መግለጺ፡ ኢራን ንጃክሌራዊ ኣጽዋር ካብ ምምዕባል ክትቁጠብ ከም ዘለዋ ድሕሪ ምትሕስሳቡ፡ ፔንታጎን ንድሌት ፕረዚደንት ትራምፕ ንምምላእ ድሉው ከም ዘሎ ኣረጋጊጹ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣመሪካ ንፕረዚደንት ቬንዙዌላ ነበር ኒኮላስ ማዱሮን ብዓል ቤቱን ንምሓዝ ናብ ቬንዙዌላ ካብ ዝለኣኸተን መራኽብ ውግእ ዝበዝሓ ወተሃደራውያን መራኽብ ናብ ከባቢ ኢራን ትልእኽ ኣላ።



እተን ቃፍላይ መራኽብ ውግእ፡ በታ ነፈርቲ ውግእ እትጽዕን ብዩኤስኤስ ኣብርሃም ሊንከን እትፍለጥ ዓርሞሽሽ መርከብ ውግእ ዝተመርሓ ምኳነን እየም ምንጭታት ዝሕብሩ።

እዚ ኮይኑ ኣሎ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ንጃክሌራዊ ኣጽዋርን ኣብ ጉዳይ መቐጸዕቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝርከቡ ኢራናውያን ተቓወምትን ኣመልኪቱ ምስ ሳዕለዎት ሰብ ስልጣን ኢራን ክዘራረብ መደብ ከም ዘለዎ ኣፍሊጡ።

ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ፡ ኢራን ንኣመሪካ ተኹሉን ንመሻርኽቲ ሃገራት ስግኣት ኮይና እንድሕር ተረኺባ፡ ኣብ ልዕሊኣ መጥቃዕቲ ክካየድ ከም ዝኽእል ኣገንዚቡ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ ብወገኑ፡ ዕጡቓት ሓይልታት ሃገሩ፡ ኣብ ልኡላዊ መሬት፡ ኣየርን ማያትን ኢራን ንዝፍጸም መጥቃዕቲ ምላሽ ንምሃብ፡ ኣጻብዕቶም ኣብ ቃታ ከም ዝርከቡ ኣጠንቂቑ።

ወኪል ኢራን ኣብ ሕቡራት ሃገራት ድማ፡ ሃገሩ ዝዘተ ድልውቲ ምኳና ድሕሪ ምሕባር፡ እንተ ደኣ ኣብ ልዕሊኣ መጥቃዕቲ ተኻይዱ ግን ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ኣገባብ ምላሽ ክትህበሉ ምኳና ኣተሓሳሲቡ።

## ኒጀር - ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ መጥቃዕቲ ተፈጺሙ

ወተሃደራዊ መንግስቲ ኒጀር፡ ኣብ 'ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኒያመይ' ኣብ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ብፈረንሳ፡ በኒንን ኣይቮሪኮስትን ዝተመወለ ምኳኑ ከሲሱ።

ብዕልዋ መንግስቲ ኣብ 2023 ናብ ስልጣን ዝደየበ ጀነራል ዓብዱራሕማን ቲያኒ፡ ናብቲ መጥቃዕቲ ዝተፈጸሞ መዓርፎ ነፈርቲ ድሕሪ ምብጻሑ፡ ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን፡ ፕረዚደንት በኒን ፓትሪስ ታሎንን ኣይቮሪኮስታዊ መዘናኡ ኣላሳን ኦውታራን ነቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ክወስዱሉ ዝኾኑ ኣካላት ምኳኖም ኣገንዚቡ።

መራሕቲ ፈረንሳ፡ በኒንን ኣይቮሪኮስትን ግን ብዛዕባ እቲ ብጀነራል ዓብዱራሕማን ዝቐረበሎም ክስታት ኣመልኪቶም ዛጊት ዝሃቦ ምላሽ ኣይሃቡን ዘለዉ።

ሚኒስተር ምክልኻል ኒጀር ሳሊፉ ሞዲ፡ እቲ መጥቃዕቲ ናብ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዘውግሕ ሰዓታት ከም እተኻየደን ንኣስታት 30 ደቓይቕ ከም ዝቐጸለን ኣረጋጊጹ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይታ ሃገር ብወገኑ፡ በቲ መጥቃዕቲ ኣርባዕተ ወተሃደራቱ ከም ዝቖሰሉ ድሕሪ ምሕባር፡ ነቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ሓደ ፈረንሳዊ ዝርከቦም 20 ጥርጡራት በቲ ሰራዊት ዝተኻየደ ናይ ግብረ መልሲ መጥቃዕቲ ከም ዝተቐትሉ ኣረዲኡ።

ብዘወሳኺ፡ 11 ካብ'ቶም ነቲ ግብረ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝርከቡ ኣፍሊጡ።

ጀነራል ቲያኒ ኣስዒቡ፡ ነቶም ኣብቲ መጥቃዕቲ ዝተፈጸመሉ መደበር ዓስኪሮም ዘለዉ ሓይልታት ፈደረሽን ሩስያ፡ ኣብ ምውጋድ ተወሳኺ ዕንወት ብዘርኣይዎ ተወፋይነት ኣማስጊኑ።




## ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ምትሕብባረን ክሐይላ ተሰማሚዐን

ትማሊ ዓርቢ፡ ሚኒስተራት ምክልኻል ጃፓንን ደቡብ ኮርያን ኣብ ጃፓን ብምርኻብ፡ ክልተአን ሃገራት ኣብ ምክልኻል ዝለወን ምትሕግጋዝ ክሐይላ ከም ዝተሰማምዑ ተሓቢሩ።

እቶም ሚኒስተራት ብዘወሳኺ፡ ኣብ ምውህሃድ ሰብ ሰርሖ ብልሕን ሰብ ኣልቦ ኣጽዋርን ክልተአን ሃገራት ሓቢረን ክሰርሓ ከም ዝተሰማምዑ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ደቡብ ኮርያ ኣፍሊጡ።



ሚኒስተር ምክልኻል ጃፓን ሺንጂሮ ኮይዙሚን ደቡብ ኮርያዊ መዘናኡ ኣን ጊዩ-ባክን ድሕሪ'ቲ ስምምዕ ኣብ ዘውጽእዎ ሓባራዊ መግለጺ፡ ክልተአን ሃገራት ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ባሕሪ ንምክያድ ተሰማሚዖም ከም ዘለዉ ሓቢሮም።

እዘን ክልተአን መሻርኽቲ ኣመሪካ ዝኾና ሃገራት ኤስያ፡ ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ዝሓለፈ ዓመት ናብ ስልጣን ዝደየቡ መራሕተን ኮይነን ኑቲ ካብ 20 ክፍለ ዘመን ኣትሒዙ ዝፈላለየን ቅርሕንቲ ብምግዳፍ፡ ፖለቲካዊ ዝምድናአን ንምድንፋዕ ይጽዕራ ምህላወን ተዓዘብቲ ይገልጹ።

እቶም ሚኒስተራት፡ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ኣብቲ ዞባ ሰላምን ምርግጋእን ንምስፋን ሓቢረን ክጽዕራ፡ ከምኡ'ውን ምስ ኣመሪካ ኣብ ጽላት ምክልኻል ዘካይዳኦ ዘለዋ ምትሕብባር ክቕጽላኦ ከም ዝተረዳደኡ ተሓቢሩ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ | 31/01/2026 | ጎደና ማ.ት.ኣ- 176 ቁ.25፡ ከበቢ ሲነማ ዳንተ | 126003 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services